# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 34 ዓመት ቁ.93 | ረቡዕ 18 ታሕሳስ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ጥንታዊ ጽሑፋት ኤርትራ


ገጽ 3
"ፈቲኺ ጸሊእኪ ተመርዓዊ...."


ገጽ 4
ብሪጣንያ - ተረር መለክዒታት ...



ገጽ 5
ነጥበ መቐይሮ


ገጽ 11
ሙድሪክ፡ ካብ ጸወታ ተኣጊዱ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ወረቐት ስራሕ ሽውዓተ ኣምባሳደራት ተቐቢሉ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ትማሊ 17 ታሕሳስ ወረቐት ስራሕ ኣርባዕተ ቀወምቲ ዝርከብዎም ሽውዓተ ኣምባሳደራት ተቐቢሉ።

ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ ደንደን ኣብ ዝተኻየደ ስነስርዓት ወረቐቶም ዘረከቡ ኣምባሳደራት፡ ኣምባሳደር ረፓብሊክ ቱርኪ መሃመት ከብክቦሊ፡ ኣወሃሃዲት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ናህላ ቫልጂ፡ ኣምባሳደር ረፓብሊክ ግብጺ መሓመድ ሓትም ኣልዓጠዊ፡ ኣምባሳደር ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሊ ኸንያንግ፡ ኣምባሳደር ንግስነት ቤልጁም ፒተር ማደንስ፡ ኣምባሳደር እስላማዊት ረፓብሊክ ኢራን ዶ/ር ዓሊ ጎላምፑር፡ ከምኡ'ውን ኣምባሳደር ንግስነት ኔዘርላንድስ ሄንክ ጃን በከር እዮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንኣምባሳደር ረፓብሊክ ቱርኪ ኣብ ዝተቐበለሉ፡ ብዛዕባ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዘሎ ዝምድናን ንመጻኢ ንምሕያሉ ክውሰድ ብዛዕባ ዘለዎ ስጉምትታትን ሓሳብ ተለዋዊጦም።

ኣምባሳደር ረፓብሊክ ግብጺ መሓመድ ሓትም ኣልዓጠዊ ወረቐት ስርሑ ኣብ ዘረከበሉ፡ ኣብ መንጎ መራሕቲ ኤርትራን ግብጽን ኣብ ኣስመራን ካይሮን ንዝተገብረ ኣገዳሲ ርክባት ብምጥቃስ፡ ዝባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕርን ተፋሰስ ኒልን ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ምትሕብባርን ሽርክነትን ንምስጋግ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራ፡ ሶማልን ግብጽን ዝተጀመረ ሰለሳዊ ርክብ ዝያዳ ንምትርናዕ፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ናይ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ርክብ ክካየድ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ኣምባሳደር ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሊ ኸንያንግ ኣብ ዝገበርዎ ዘተ ድማ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ህዝባዊ ረፓብሊክ ቻይናን ዘጸንሐ ታሪኻዊ ዝምድና፡ ኣብ ጸላታት ጥዕና፡ ጸዓት፡ ትሕተ-ቕርጺ፡ ሕርሻን ካልእን ብዝዋገር ምትሕግጋዝ ንምድርዑ ዘሎ ድልውነት ተረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ወረቐት ስራሕ ኣወሃሃዲት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ናህላ ቫልጂ ኣብ ዝተቐበለሉ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክህድሶን ጸንባሪ ክኸውንን፡ ብሰም ዓቃብ ሰላም ዝወጽእ ገዚፍ ገንዘብ ኣብ ፕሮጀክትታት ልምዓት ክውዕል፡ ከምኡ'ውን እዋናዊ ሕቶታት ኣህዛብ ኣብ ዝምልሱ መዳያት ከም ኣገልግሎታት ሕክምናን ካልእ ኣገልግሎታትን ኣብ ምሕዱግ ቦታታት ኣተኩሩ ክሰርሕ ጸዊዑ።


ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ኣምባሳደር ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና


ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ኣምባሳደር ረፓብሊክ ግብጺ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ኣወሃሃዲት ትካላት ሕቡራት ሃገራት



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ኣምባሳደር ረፓብሊክ ቱርኪ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ወረቐት ስራሕ ኣምባሳደር ንግስነት ቤልጁም፡ እስላማዊት ረፓብሊክ ኢራንን ኣምባሳደር ንግስነት ኔዘርላንድስን ኣብ ዝተቐበለሉ ድማ፡ ኣብ ምሕያል ክልተኣዊ ዝምድና ከምኡ'ውን ዞባዊ ጉዳያትን ምዕባለታትን ተዘራሪቡ።

እቶም ኣምባሳደራት ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ዝምድናታት ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ንምድንፋዕን ንምስፋሕን፡ ከምኡ'ውን ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ንምርግጋጽ ምስ ሰብመዚ ኤርትራ ተሓባቢሮም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

# ሓጋዝ - እቶት ሕርሻ ዕብየት ኣርእዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ሎሚ ዓመት ዝወቐዐ ምዕሩይ ዝርግሐ ዝበሮ ዝናብን ዝተኻየደ ኣድማዒ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ኣብ እቶት ሕርሻ ለውጥን ዕብየትን ከምዝምጽአ ተገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ጠዓመ ማሉ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ንብርን ልዕሊ ንብርን ዝናብ ብምውቃዑ ርቡሕ ምህርቲ ከምእተረኽበ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ መግቢ ሰብን ጥሪትን ከምእተዋሕሰ ኣረዲኡ።

ሎሚ ዓመት ብልምዳውን ዘመናውን ኣገባብ 17,800 ሄክታር ከም እተሓርሰ፡ እዚ ድማ 11,805 ሄክታር ብልቱግ፡ 2,675 ሄክታር መሸላ፡ 1,470 ሄክታር ጥረታት፡ ከምኡ'ውን 1,850 ሄክታር ፋል ዘጠቓለለ ምንባሩ ድማ ኣብሪሁ።

ገምጋም ምህርቲ ኣዕጋቢ ምኳኑ ዝገለጸ ኣቶ ጠዓመ፡ ካብ ሄክታር - ብልቱግ 13 ኩንታል፡ መሸላ 10 ኩንታል፡ ፋል 12.6 ኩንታል፡ ጥረታት ድማ 9.4 ኩንታል ከምእተሓፍሰ ብምሕባር፡ እኽሊ ተረፍ ምህርቲ ማለት ቃንጫ፡ ገርድን ሳዕርን እውን ከምእተኣከበ ኣፍሊጡ።

እንተኾነ፡ ኣብ ከባቢታት ፊልቤትን ዓድ-ንሱርን ብሰንኪ ትሑት ትሕዝቶ ሓመድ፡ ከምኡ'ውን ምድንጓያትን ምምዝባል ማሕረሰን ማጠን ምህርቲ ትሑት ከምዝነበረ ኣብሪሁ።

ኣብ 2024 ንዝተኻየደ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝምልከት ድማ፡ 24,978 ሜትሮ ኩቦ ከትርታትን 179,244 ሜትሮ ቅናታዊ ዛላታትን ክስራሕ ከሎ፡ ሽግር ጽኑዕ ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ንምቅላል ትሕተ-ባይታኣዊ ማይ ንምህብታም፡ ኣብ ጠሉን ሓሸሻይን ዲጋታት ከምእተሰርሓን እኽሊ ማይ ኣዋህሊለን ከምዝለዋን ኣዘኪሩ።

ሓረስቶት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ርቡሕ ምህርቲ ንምሕፋስ ዓቕሚታቶም ኣወሃሂዶም ዘየድዎ ጻዕሪ፡ ህጡር ክራማት ተሓዊስዎ ከምዝሰመረ ብምግላጽ፡ እቶታውነት ዝያዳ ንምዕባይ ምስ ሰብ ሞያ ሕርሻ እናተመያየጡ ቀጻሊ ጻዕሪ ከምዝካይዱ ኣረጋጊጾም።

# ጥንታዊ ጽሑፋት ኤርትራ

ኣኽሊሉ ኣማኑኤል ተኽለኣብ
ዩኒቨርሲቲ ሃምበርግ - ጀርመን

ዝዓበየ ሃብቲ ሓደ ሕብረተሰብ፡ መንነቱ፡ ባህሉን ታሪኹን ከምዘርኣ ኩሉ ዝሰማምዓሉ ሓቂ እዩ። ታሪኹ ዘፈልጥ፡ ብመንነቱ ዝሕበን ሕዝቢ፡ ርእሱ ተኣማንነት ዘለዎ፡ ደጊሙ ደጋጊሙ ዓበይቲ ታሪኻት ንኽሰርሕን ህላወኡን ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ ዓቢ ሰንሰለታዊ ውርሻ እዩ። ናይዚ ኣፋዊ ምምሕልላፍ ታሪኽን ባህልን ሓደ ጉድለቱ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ኣብ ዝመሓላለፈሉ ብዙሕ ጉድለታት ክህልዎ ንቡር እዩ። ኣገዳስነቱ ግን ዓቢ ኮይኑ ክሰድን ብዕቱብ ክምርመርን ይግባእ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ መንነቱን ክቐጽልን/ክውሕስን ዝኽእሞ ኣይኮነን። ናይዚ ህያው ኣብነት፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ልዑላውነትን ብዘሞርኮ ዝተራእየ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ ዘሎ ጅግንነትን ርእሰተኣማንነትን ኤርትራውያን እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ናይ ባዕሉ ባህሊ፡ ቋንቋ፡ እምነት ኣለዎ። ዝኾነ ኣካል መንነቱ ዝኾነ ውርሻኡ ድማ ብዝተፈላለዩ መገዲ ይዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ የሰጋግሮን። እዚ መንነትን ታሪኽን'ዚ ብቐንዱ ብኽልተ ዓበይቲ መገድታት ክሰጋገር ይኽእል፦ ብኣፋዊ ያታ ወይ ጽውፃ ከምኡ'ውን ብጽሑፍ።

ኣፋዊ ያታ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ሰረት ታሪኽን ባህልን ኮይኑ ካብ ወለዶ ንጹሓፌ በርኸት ኣማረ ኣማኖኖ! ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ ትብል ዓባይ መጽሓፍ እኳ ብኣፈ-ታሪኽ ኣቕሪቡልና ኣሎ። ኣብኡ ዘሎ ፍልስፍናን ጥበበን ክንመራመረሉን ክንመሃረሉን ሓደ ዓቢ ባብ ከፊቱልና ኣሎ።

ኣብ ዓለም ሓደ ካብ ዓበይቲ ምህዞታት ደቂ-ሰብ ፊደላት እዩ። ፊደላት ተጠርኒፎም ቃላት የቕሙ፣ ቃላት ተጠርኒፎም ከኣ ምሉኣት ሓሳባት የቕሙ። በዚ ከኣ ጽሑፋት ይፈርዩ። ብጽሑፍ ገይሩ ድማ ትምህርቲ፣ ጥበብ፣ ፍልጠት፣ ታሪኽ፣ ወዘተ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ይመሓላለፍ። ከም ዝፍለጥ ኣብ ዓለም ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ጠበይናም ሕዝብታት፡ ምዕባሌታትን ስልጣኔታትን ከም ዝዐበዩ፡ ይኹን እምበር ጽሑፋዊ ጭብጢን መረዳእታን ኣብ ዘይብሉ "ከምዚ ነበረ፡ ከምዚ ተገብረ" ኢልና ኣፍና መሊእና ክንዛረበሉ ከም ዘጸግመና ብሩህ እዩ። እዚ ድማ ዝበዝሐ ናይ ጥንቲ ስልጣኔታት ጽሑፋዊ ውርሻ ስለዘይሓደጉ፡ ማለት ብቐንዱ ፊደል (ጽሕፈት) ስለዘይነበሮም እዩ። ኣብ ሃገርና ግን ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለየ ምድረ መጽሓፊ ይጽሕፉን ይወቕሩን ከምዝነበሩ፣ ዘለዉ ጽሑፋትን ውቕሮታትን ህያው ምስክር እዮም። እምበኣር ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ኣተኲርና ኣብ ጥንታዊ ጽሑፋት ክኸውን እዩ።



መጽሓፍ ብራና

## ጥንታዊ ጽሑፋት (Manuscripts)

መንነት፡ ባህልን ታሪኽን ሓደ ሕዝብን ሃገርን ካብ ዝገንጽ፣ ዘቐጽሉ፣ ዝምስክሩን ዘጕልሑን ወርሻታት ሓደ ህላወኡ ጽሑፍ ብፍላይ ድማ ጥንታዊ ጽሑፋት እዩ። ጥንታዊ ጽሑፋት (Manuscripts) ዝበሃሉ ጥንታውያን ሰባት ኣብ ካይላ፡ እምኒ/ከውሒ፡ ሓጺን (ነሓስ)፡ ቆርበት፡ ፓፒረስ (ደንገል)፡ ካልኦትን ንታሪኾምን ሃይማኖቶምን ባህሎምን ጥበቦምን ብዝምልከት ዝጸሓፍዎ፣ ዝወቐርዎ፣ ዝሰኣልዎ ማለት እዩ። ሰባት ከምዚ ዝገብሩ ንዝመጽኡ ወለዶታት ኣገዳሲ መወከሲ ንክኸውን ኢሎም እዮም። ኣብ ግዜኦም ዝነበረ ሓሳባትን ታሪኽን፣ ካብ ቅድሚኦም ዝነበሩ ወለዶታት ዝረኸብዎ ትምህርትን ጥበብን ዘንጸባርቕ ድማ እዩ።

ኣብ ዓለም ናይ ባዕሎም ጥንታዊ ጽሑፋት ፊደል ዝነበሮም ሕብረተሰባት ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። እዞም ናይ ባዕሎም ጥንታዊ ፊደል ዘውንኡ ሕብረተሰባት ከም ብርቂ እዮም ዝቑጸሩ። ብፍላይ ኣብ ብምሉኡ ክፋል ጸሊም ኣፍሪቃ፡ ናይ ባዕሉ ፊደል ዘለዎ ወይ ዝነበሮ ስልጣኔታት ዳርጋ ብዙሕ ኣይንረኽቦን ክበሃል ይከኣል። ናይ ሃገርና ካብ ጸሊም ኣፍሪቃ ፍሉይ ዝገብሮ፡ ናይ ባዕልና ግእዛውን ዓረባውን ፊደላት (ግእዝ ቀንዲ ማዕቖል ናይዚ ኣብዚ ከባቢ ዝነበረ ዝበረ ህዝቢ ፊደል ኮይኑ፣ ዓረብ ከኣ ምስ ምስፍሕፋሕ ምስልምና ኣብ ዞባና ካብ ከባቢ 7ይ-8ይ ክፍለዘመን ካብ ዓዲ ዓረብ ከምዝተኣታተወ ይፍለጥ) ምህላው ጥራይ ዘይኮነ፡ ነዚ ፍልጠት'ዚ ንምዕቃብን ንምስፍሕፋሕን ብደረጃ ንኡስ ኢንዱስትሪ ዝቖመ ማእከላት ምፍራይ ኣብያተ መጻሕፍቲ ብራና (Scriptorium) ኣብ ገዳማትን መሳጊድን ማዕበሉ ዝዋዲሕ ምቕጻሉ እዩ። ዋላ እኳ ኣብዚ ሕጂ ግዜ ምስራሕ ብራና ኣብ ሃገርና ብሰንኪ ናይ ወረቐት ጽሑፍን ተክኖሎጂን ይጠፍእ እንተሎ ከም ሕብረተሰብ ግን ብዝምልከቶ ኣካል ዝኣ ኣገዳሲ ኣሰራርሓ ብራና ከም ሓደ ኣካል ውርሻናን/ታሪኽናን ጥበብ ቀዳሞት ወለድናን ቆጺርና ክንዕቅቦ ይግባእ። ምኽንያቱ እቶም ዝ ኣሰራርሓ ወይ ጥበብ'ዚ ዝፈልጡ ሰባት ናብ ቀጻሊ ወለዶ ከየሰጋገርዎ ይሓልፉ ስለ ዘለዉ። ታሪኽ ጥበብ ካብኣቶም እንተዘይወሰድና ከኣ ኣብ መንነ ክፍተት ናይ ታሪኽን ባህልን ክህሉ ብዙሕ ተኽእሎታት ኣሎ።

ብርግጽ'ውን ቅድሚ 20 ክፍለ ዘመን ዝነበረ ዝጠዐለ ታሪኽ ሃገርና ኣብ ብራናታት፡ ውቕሮ እምኒ፡ ብሓጺን ዝተሰርሐ ሰልዲ (ሳናቲም)፡ ካይላ፡ ጥንታዊ ኣሰር መናድቕ ከምኡ'ውን ኣብ ኣዕጽምቲ ሰብን እንስሳታትን ካልእ ቅርስን እዩ ዝርከብ። ጥንታውያን ሰዓት ከኣ ብዙሓዝዎ መልእኽቲ ጥራይ ዘይኮኑ ብህላወኦምን ኣቡኦም ተሞርኲሱ ዝፍደድ ዘመናዊ ስነ ፍልጠታዊ ስቓንቓውን ስነጥበባውን ምርምራት ኣገዳስነቶም እምበር መጠን ዓቢይ እዩ።

ብፍላይ እኳ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ጥንታዊ ጽሑፋት ልዕሊ ካልእ ግዜ ኣገዳስነቱ ዓዚዙ ንረኽቦ። ምኽንያቱ፣ ኑቲ ዝበለጸ ታሪኹ ባሀሊ ናይ ካልኦት ህዝብታት ከም ናቶም ታሪኽ እናወሰዱ ታሪኽ ለዊጦም ዝጽሕፉ ጸሓፍቲ ዘለውሉ ግዜ ስለዝኾነ። ስለዚ ጥንታዊ ጽሑፋትና ተወኪስና፡ ታሪኽናን ባህልናን ክንምሃረሉ ክንፈልጦን ክንሰርሖን ኣብ ምህናጽ ሃገራዊ መንነትን ሓበንን ድማ ክንግልገለሉ ዓቢ ዘቤታዊ ዕዮ ኣለና። ስለዝኾነ ድማ እዩ ስውእ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ ጸሓፊ ህ.ግ.ደ.ፍ (ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን) ኣብ ግንቦት 2018 ኣብ ዝተኻየደ ዓውደዘተ ቅርሲ፡ "ጉዳይ ቅርሲ፡ ጉዳይ ሃገራዊ መንነት እዩ" ክብል ዝተዛረበ።

ኣብቶም ወርሻ ጥንታዊ ጽሕፈት ዘለዎም ቀዳሞት ሕዝብታት ወይ ስልጣኔታት ዓለም፡ ኣብ ግብጺ ፓፒረስ፤ ኣብ እስያ ብፍላይ ከኣ ኣብ ህንዲ ቅራፍ ገረብ፡ ኣቕጽልቲን ሻምብቆን፤ ኣብ ብዓል ቻይና ካይላን ወረቐትን ከምኡ'ውን ኣብ ጽሑፋት ዘለዋ እያ። ክሳብ ሕጂ እውን ህያው ምስክር ናይ ቀደም ስልጣኔታት ኮይኖም ንረኽቦም። ኣብ ዝተፈላለዩ ታሪኻውያን ቦታታት፣ ገዳማት፣ ኣብያተ ክርስቲያን፣ መሳጊድ፣ ቤት ንጉስ፣ ከምኡ'ውን ምስ ውልቀ ሰባት ተዓቂቦም ዝርከቡ ጥንታዊ ጽሑፋት ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብቲታት ንምጥቃስ፣ እቲ ብዝበለሐ ክሳብ ሕጂ ተዓቂቡ ንረኽቦ ብራና እዩ። ብውሑድ ዓቐን ድማ ኣብ ኣኽሱም (ኣብ ብዓል መጠራ፣ ጉዳም ኣቡነ ሊባኖስ) ኣብ ሓጺን ሰልዲ (ናይ ኣብርሃ ወ ኣጽብሓ) ከምኡ'ውን ኣብ ዕንጸይቲ ካይላታት ዝተወቕሩ ጽሑፋት ኣለዉ። ድሒሩ ኣብ ሃገርና ኣብ ከባቢታት 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ዝተኣታተወ ወረቐት'ውን ዝሰፈሩ ጥንታውያን ጽሑፋት እውን ኣለዉ።

እዚ ወርሻ'ዚ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተጻሕፈ እዩ። እቲ ብዝበለሐ ንረኽቦ ጥንታዊ ቋንቋ ግእዝ እዩ። ከምኡ'ውን ብትግርኛ፣ ኣምሓርኛ፣ ዓረብ፣ ሳባ፣ ግሪኽ፣ ሶርያ ከምዝለዉ ካብቶም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከባቢ ዝርከቡ ጥንታዊ ቅርስታት ዝርከብሉ ቦታታትን ጥንታዊ ጽሑፋትን ክንግንዘብ ንኽእል።

ጥንታዊ ጽሑፋት ኣዝዩ ሰፊሕ ዓውዲ



ዓረባዊ ጽሑፍ ኣብ መቓብር - ዳህላክ

ሃገርናን ኣብ ግሪኻውያንን ድማ ቆርበት ወይ ድማ ብራና ንጽሑፍ የገልግሉ ምንባርም ይፍለጥ። ኣብ ዞባና ማለት ምብራቕን ቀርኒን ኣፍሪቃ፡ ዝተፈላለዩ ጥንታዊ ጽሑፋት ኣብ ጠበይቱ መጽሓፊ ነበራት ተጻሒፉ ንረኽቦ። ብፍላይ ሃገርና ኤርትራ ኣዝዩ ሃብታም ወርሻ ጥንታዊ ብምዃኑ፡ ኣብዚ ጽሑፍና'ዚ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ብራና ዝሰፈረ ጥንታዊ ጽሑፋት ጥራይ ሓደ ሓደ ነጥብታት ብምልዓል ክንዝርኢ ኢና። ካብ ዝቕጽል ሕታም ጀሚርና እናቕረብና ትንታኔታት ድማ ብዛዕባ ብራና ጥራይ እዩ ክኸውን።

ይቕጽል . . .



ናይ 9ይ ክፍለዘመን ውቕሮ - ጉዳም ኣቡነ ሊባኖስ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)


ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሶሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284



# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## “ፈቲኺ ጸሊእኪ ተመርዓዊ....”

*24 ሕዳር 2024* *4:30 ድ.ቐ. - ሲነማ ሮማ*

ክሳዕ ሕጂ ድየ ቑልዓ ዘለኹ? እኽልቲ ሰብ ምኳነይ ብኸመይ'የ ክነግሮም ጨኒቑኒ'ኮ ሎምስ። ኣዕብዮምኒ፡ ኣህሚሮሙኒ፡ ኵሉ እቲ ካብ ስድራይ ክረኽቦ ዝግብኣኒ ገይሮሙለይ እዮም። እዚ ኹሉ ገይሮም ግን ንምንታይ ድዩ? ንምንታይ ኢሎም ድዮም ኣዕብዮምኒ? ኣምሂሮሙኒ? ክዓብየሎም፣ ክመሃረሎም፣ ብሓሳበይ ዝምራሕ፡ ርእሰይ ዝኽእል፡ ፍረ'ቲ ንዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመታት ኣብ ትምህርቲ ዝወፈረ ኣእምሮይ ንጥቕመይን ጥቕሚ ካልኦትን እተውዕል ዓባይ ሰብ ክኾነሎም፣... ዶ ኣይኮኑን እዚ ኹሉ ዝገበሩለይ። ዝኾነ ወላዲ ካብ ደቁ ዝጽበዮ ዝዓበየ ነገር፡ ቀ‐ምነገር ዘለዎ፡ ሓላፍነቱ ዘልዕልን ርእሱ ዝኽእልን ክኾነሎም እምበር ካልእ እንታይ ኣሎ።

ምስ እንዳ ኣኮይ'የ ዓብየ። ተማሂረ። ሕጂ ኸኣ ርእሰይ ክኢለ፡ ንዓይ ኰይነስ ጥዑያት ዜጋታት ከፍሪ'ኳ እጃመይ ዝገብር ሰብ ክኸውን በቒዐ ኣለኹ። እዞም ገዛ እዚ ኹሉ ረሲያም ዓምጺጾም ከመርዕውኒ ክሓስቡ ምኽኣሎም ኣገሪሞሙኒ ኣለዉ። በዚ ሎሚ፡ በዚ ዘመንከ ደቀይ “ፈቲኺ ጸሊእኪ ትምርዓዊ፣ ዝሕሸኪ ሰብኣይ ንሕና ኢና ንፈልጠልኪ፣ ወይ መርዓ ወይ ባራ!” ዝብል ኣሎ'ዩ? ኣረ ዝመጽእ ዘመነ-ዕድመይ ናተይ ድዩ ናቶም? ኣረ እዚ ኹሉ ተኸባኺቦም ዘዕበዩኒ ኣብ ድላዮም ክገዝኡኒ ድዩ ዋላስ ብቐዕቲ ሰብ ሓሲቦም ሓርነተይ ከኽብሩ?

ደንጽዩኒ'ዩ። እቲ ይኹን እቲ ግን፡ ህይወተይ ናተይ እምበር ናይ ማንም ኣይኮነትን። ውሳነታት ህይወተይ ናተይ እዮም። ኖን ወላዲ፡ ዝኾነ ሰብ'ውን ብሓሳብን ሞራልን ክድግፍ ይኽእል'ዩ። ውሳነ ግን፣ እቲ ዝሕሸኒ ግን ባዕለይ ኣለኹዎ። ደጊም ቑልዓ ኣይኮንንኩን። ንሓጎስ ካልኦት ክብል ዝተረፈ ህይወተይ ኣብ እህታን ጓህን ክሕልፎ ኣይኮንኩን። ኣጆኺ ነብሰይ! ኣለኹልኪ ባዕለይ!

ፍናን ቴድሮስ



## “ወሊድካ....”

*22 መስከረም 2024*

ናይ ሰንበት፡ ምስ ደቂ ገዛውትና ኵዕሶ ተጻዊትና ወዳእና። ምስ ዮናስ ዓርከይ እናኣዕለልና፡ ካብ ሜዳ እንዳ ሙሎቲ ናብ ገዛውትና፡ ገጽና ኣበልና። ኣጋጣሚ ወላዲቱ ካብ ካንሸሎ ቅልቅል በላ'ሞ ጎፍ ተባሃሃልና። ብምኽንያት ስራሕ ናብራን፡ ኣብ ሓደ ገዛውቲ ከለና፡ ካብ ዘይንርአአ ነዊሕ ኢና ገይርና። ድሃይ ስድራ ድሕሪ ምትሕትታት፡ “ኣብ ጽቡቕ ኢኹም መጺእኩም፡ ምስ ዓርክኻ ብሓደ ኢኹም ትቼርሱ፡” ኢለን ኣእተዋና።

ምስ ዮናስ ሕልፊ ደቂ ገዛውቲ ናይ ልቢ ኣዕሩኽ እውን ኢና። ከም ሰብ ገርሂ እዩ። ሓንቲ ጸገም ዘላቶ፡ ‘ተበዲለ’ ኢሉ እንተ ሓሲቡ ወይ ንብጻዩ ክብል ንባእሲ ድሕር ኣይብልን እዩ። እቲ ዕንትር ዝበለ ተኸለ ኣካላቱ ክብደት ምልዓል ወሲኹሉ፣ ቀላጽሙ ክንዲ ኩብዲ ናይ ብጽሕቲ ወርሒ ድሙ እዩ ዝኸውን፣ ወትሩ ምስ ተገታተረ'ዩ።

ገዛ ምስ ኣቲና፡ ጓል ሰለስተ ዓመት ቤቲ ጓሉ እናጐየየት መጺኣ ተሓቘፈቶ። እናኣሰራሰረ ሓቘፉ ሰዓማ። ኣነ'ውን ሰዓምኩዋ። ብዓልቲቤቱን ወላዲቱን ጥዕምቲ ናይ ሰንበት ገዓት ቀረባልና። ናይ ጥምየትን ድኻምን ግዲ ጌርናዮ ብህርፍርፎት ክንበልዕ ጀመርና። ቤቲ ጓሉ ድማ “ባዕለይ'የ ዝበልዕ፡” ኢላ ማንካ ሒዛ ክትበልዕ ፈተነት። እንተኾነ ናይ ነገር ቑልዓ ነታ ገዓት ብማንካ እናተኳተኾት ከተፍርሳ ደለየት። ዋላ'ኳ ወላዲታ ግደፊ እንተ በለታ ክትሰምዓ ኣይከኣለትን። ዮናስ ባዕሊ ክምግባ



እንተ በለ'ውን ኣበየት።

ኣደኣ ሓሪቓ፡ እናበኸየት ሒዛታ ናብ ክሽነ ከደት። ኣብኡ ድማ ናይ ወላዲት ቀጽዓታ። ዮናስ ጓሉ ክትበኪ ምስ ሰምዓ ምብላዕ ኣቋሪጹ ሱቕ በለ። “ኢሂ ዮኒ ዓርከይ እንታይ ደኣ ኮንካ፡” በልክዎ ገጹ ስለ ዝተለዋወጠኒ። ቃና ጎሮሮኡ እናተቐያየረ፡ “ትፈልጥ፡ ቤቲ ጓለይ ክትበኪ ክሰምዓ እንከለኹ ነብሰይ ከም ገለ እዩ ዝገብረኒ፡” በለኒ ሕማቕ እናተሰምዖ። “ከመይ ማለት በልክዎ፡” ዝያዳ ከብርሃለይ። “ኣለካምሽ በዲላ ኣደኣ ክትቀጽዓ እንከላ ክሰምዓ ኣይደልን እየ። ኩብደይ ይገማጠል ንብዓት እዩ ዝመጽኣኒ፡” በለኒ ኣዒንቱ ቍጽርጽር እናበለ።

“እዋእ ቑልዓ እንተ በዲሉ ደኣ ብኣገባብ ክቐጻዕ ኣለዎ'ምበር። ቑልዓ እናበደለ ሱቕ ኢልካ እንተ ርኢኻዮ ጽባሕ ንግሆ ዘረባ ስድርኡ ዘይሰምዕ፡ ኣካይድኡ'ውን ዘይእዱብ እዩ ክኸውን። ስለዚ፡ ስነ-ስርዓት ከተትሕዞ ናትካ ሓላፍነት እዩ፡” በልክዎ። ርእሱ እናሓኸኸ፡ “ንሱ ደኣ ጽቡቕ ኣለኻ፣ የግዳስ ንቤቲ ጓለይ ኖን ኢደይ ከንብረላ፡ ኣደኣ ክትቀጽዓ እንከላ ክጻወሮ ስለ ዘይክእል ንደገ እየ ዝወጽእ። በቃ ፍልይቲ ፍጥረት'ያ ንዓይ። ቤቲ ጓለይ ጽንጽያ ክዓልባ ኣይወሓጠለይን እዩ፡” በለኒ ንደገ ክንወጽእ እናተሳእና።

ብኹነታት ዮናስ ዓርከይ ኣዝየ ተገረምኩ። እቲ ደፋር ተባኣሳይ፡ ዝኾነ ነገር ዘይዓጅቦ ዝነበረ። ሕጂ ግን “ወሊድካ ፈትኖ” ትብል ምስላ ኣረኺኺባትሉ። ከምዛ ንኽንደይ ፈጊኡ ደም ክወጽኡ እንከለዉ ዕጅብ ዘይብሎ ዝነበረ፡ ሕጂ ግን ጓሉ ንጣብ ንብዓት ከተውጽእ እንከላ ነብሱ ክንቀጥቅጦ ተዓዚበ። ነገር ውላድ ሓያል እዩ።

NA2 ወዲ ትኩእ ሳን 78

*27 ሕዳር 2024*
*05፡20 ድ.ቐ.*



ተወሊደ። ርብዒ ዘመን ዕዝር ኢሉ። ዕድመ ካብ ዕለተ-ትውልዲ ደኣ ይቕጸር ኰይኑ እምበር፡ ካብቲ ብዛዕባ ነብሰይ ክሓስብ፡ ዋና ዕድላተይን ውሳነታተይን ካብ ዝኸውን ኣትሒዘ ክቔጽር ምጀመርኩ። ብሓቂ!

ከምኡ እንተ ኾይኑ ሓቂ ይሓሽ ጓል ሸውዓተ ዓመት'የ ዘለኹ። ግዜ እንታይ ኣለዎ፣ ሸውዓተ ዓመት ካብታ ናብ ሳዋ ዝኸድኩላ ግዜ'ዩ። ብሩራዊ እዮቤልዩ ስለ ዝኾነ ‘እንተ ዘይጸንበልናልኪ’ ዝብሉ ኣይተሳእኑን። ዕለተ-ልደትኩም ይብዛሕ፣ ኣነ ገና'የ። ሕጂ'የ ሸውዓተ ዝብል ዘለኹ።

ብሌን ግርማይ


## ሃልውለይ ደኣ

*ሓሙስ 27 መስከረም 2012*
*ገዛና*

ብምኽንያት ዓመታዊ ዕረፍቲ ካብ ስራሕ ኣዕሪፈ'የ ዘለኹ። እዛ ናይ ዓመት ዕረፍተይ ዋላ ደኣ ውሑዳት መዓልታት ሒዛ ትኹን፡ ገለ ቀ‐ምነገር እንተ ገይረ፡ እቲ ምውሓዳ ብቕጽሪ ኣይክኸውንን'ዩ። ካብታ ከዕርፍ ዝጀመርኩላ መዓልቲ፡ ገለ ናይ ውልቀይ ስራሓት ከጻፍፍ እንተ ኾይኑለይ ከኣ ዋላ ናይ ጕልበት ሰሪሐ እቶተይ ከዕቢ ዳም ዳም በልኩ። ነቶም ኣብቲ ስራሕ ዝነበሩ ሓታቲተ ክቐንዓኒ ኣይከኣለን። ድንን እናበልኩ ገዛይ ተመለስኩ። ገዛ ምስ ኣተኹ ኣደይ ገልጠምጠም ክትብል ጸነሓትኒ። ቀው ኢለ ክዕዘባ፡ ሓወልቲ ‘በለው ከለው’ ተቐይርኩ። እንተ ንሳ'ሞ ካብ ወጋሕታ ክሳዕ ሕጂ ኣየዕረፈትን። እናተገረምኩ ማለተይ ክሕስበኒ ጀመረ። ነታ ዝዓበኹላ ገዛ ከም ዘይፈልጣ ብኣዒንተይ ኰለልኩዋ። ብንጥፈታት ኣደይ ምልእ ኢላ፤ ኣብ ቤርሙስ ድስቲ ተሰኺቲቱ፡ ኣብ ጥቓ ሳሎን ቡን ተቐሪባ፡ ኣብ ልዕሊ ጣውላ ቍርሲ ተቐሪቡ፡ ... ክንደይ ክብሎ። ኣይረኣየትንን፣ ሰቕ ኢላ ትለውስ ኣላ።

“መዓስ እያ ከተዕርፍ?” ዝብል ሕቶ ንኣእምሮይ ወረሮ። ዕረፍቲ ምውሳደይ ንሓደ ኣታዊ ወይ ከኣ ነቲ ናተይ ስራሕ ንምጽፋፍ'የ ከም መደብ ሒዘዮ። እሞ ኸኣ ደኣ? እዛ ወላዲተይ ንዓይ ንኸተንብር መዓስዶ ኣዕሪፋ እያ? መዓስ እያ'ኸ ሩፍ ዝበለት?

ናይ ኣደ ነገር ካብ ዝኾነ ናብ ዝኾነ ዝቀያየር ኣይኮነን። ብዛዕባ ኣደይ ዝብሎ ናይ ኵለን ኣዴታት ዝብሎ ዘለኹ ኰይኑ'ዩ ዝስመዓኒ። ማይ ሕብሪ የብሉን፣ ብተፈጥሮኡ ዝቕየር'ውን ኣይኮነን። እቲ ናይ ኣዴታትና ባህሪ'ውን ብተፈጥሮኡ ዝቕየር ኰይኑ ኣይስመዓንን። መዓስ እምለስ ከይፈለጠት፡ ቡን ክንሰቲ እያ ትጽበየኒ ዘላ። ርግጸኛ'የ ንዓለባ ልቢ ዝኸውን መግቢ ኣይለኸፈትን። ካብ ንዓይ ንደቀይ! ከም ኣደ ንትርጉም መሰዋእቲ ዝርዳእን ዘተግብርን



ኣሎ ኢለ ክዛራብ ግደ ሓቂ ትብዓት የድልየኒ። ኣደ ኹሉ'ያ! ናተይ ነገር ግን ኣሕሰብ ኣቢልኒ። ክሳብ ክንደይ'የ ብዛዕባ ኣደይ ዝሓስብ? ክሳብ ክንደይ'የ ከምቲ ውዕለታ፡ ኣነ ዘውዕለላ? ከምቲ፡ ‘ቅድሜኻ’ እናበለት ንስለይ እትሰዋእ፡ ኣነኸ? ንኽምልስ ሓይሊ ደልየሉ። ምኽንያቱ ኣብ ናይ ግዜ ዕረፍተይ ብዛዕባይ'ምበር ብዛዕባ ወላዲተይ ከም መደብ'ኳ ኣይሓዘኩዎን። ነቲ ኪኖ ምህላው ክሓስበሉ ነይሩኒ። ኣብ ጐድና ኰይነ፤ ከብርያ፡ ከዕልላ፡ ከዳምጻ እኳ ኣይከኣልኩን። እዚ ዝወለዶ ሓሳብ ወረቐት ኣውጺኤ፡ ‘ሃልውለይ፡’ ትብል ኣርእስቲ ጸሓፍኩ። ምሉእ ሓሳባተይ ብዘይ ደረት ክውሕዝ ጀመረ። ብኸመይ ክጽሕፎ ከይሓሰብኩ፡

....ብርሃን ቤትና እንተ በዝሓ ንፋስ/ ኣበይ ገሊህኪያ? ኮንኪያ ኣንገብ/ ህያብ ኵልና ገጸ በረኸት ጽባሕ

ተመስገን ‘ናበልኪ ዘላ ክንማቐል/ ፈጺሙ'ኳ ዘይርሳዕ!.....

ኢለ ጽሒፈ ወረቐት ክዓጽፍ ሓሸሽ ዝሰመዐት ኣደይ ግልጽ በለት።

“ድራረይ! መጺእካ'ዲኻ?” በለት ስንብድ ኢላ። ከይመለስኩላ ናብቲ ቤርሙስ ብምኻድ ድስቲ ከፊተ ነቲ ብረስኒ ዝሃፍጽ ዝነበረ ጸብሒ ኣኹሰ ኣህዳእክዎ። ብሓሳባትን ዕዮታት ናይ ገዛና ከምዛ ጸብሒ ሽረኽረኽ ዝብል ዝነበረ ውሽጣ ኮፍ ኣቢለ ከህድኣ ሓዊ ብምውሳድ፡

“ሎሚ፡ ቡን ባዕለይ'የ ዘስትየኪ፡” በልኩዋ እናሰሓቕኩ።

“ኣነ ከለኹ ኣይፋልካን። ኩለል ክትብል እንዲኻ ውዒልካ ኣነ'የ ዘስትየካ፡” በለትኒ። ሕጂ'ውን ነቲ ዝወዓለቶ ከም ልሙድ ወሲዳ ነቲ ናተይ ድኻም ኢላቶ።

“ሎምስ ኣይሰምዓክን'የ፣ ትጥዓም ኣይትጥዓም እንግዶተይ'ያ፡” በልክዎ። ነብሳ ምግባር ኣብይዋ ብሓበሬታ ሰቕ ኣይበለትን። ኣብ ጐድነይ ኮፍ ኢላ፡ “እታ ክትጽሕፋ ዝጸናሕካ ደኣ ዘይተንብበለይ?” በለትኒ። ምስ ኣንበብኩላ ብዋሕዲ ግሉጽነት ሓሳባተይ ንውዕለታ ከየፋኹሶ ሰጊአ፡ “ኣርእስቲ ጥራይ'የ ጽሒፈ፡” ኢለ ሓባእኩዋ። ግደ ሓቂ ኣብ ውሽጠይ ዝስመዓኒ ዝነበረ እዚ ኢለ ክገልጾ ዘይክእል ሰላም ተሰመዓኒ። ካብቲ ገልጠምጠም ናይ ውሽጠይ ብሓሳባት ናይ ኣደይ ተገላገለ። ነቲ ሒዘዮ ዝነበርኩ ናይ ዕረፍተይ መደባት ንኹሉ ሰሪዘ ምስ ኣደይ ክሕልፎ ወሰንኩ።

እዮቤድ ተስፋብሩኽ

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ብሪጣንያ - ተሪር መለከዒታት ኣብ ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት

ኣብ ኢንግላንድ፡ ንዓመታት ከም ሓሳብ ክንጸግ ዝጸንሐ ክሓውዩ ንዘይክእሉ ወጹዓት ብሓገዝ ሕክምና ዝፍቀድ ርእሰ-ቅትለት ሕጋውነት ክረክቡ ዘኽእል ብባይቶ ይድገፍ ምህላዉ ይፍለጥ። እቲ ኣብ ባይቶ ብዙሕ ክትዕ ዝተገብረሉ እማመ ብቐሊል ድምጺ ኣይሓለፈን። ኣትረርቲ ዚቃወሙ ኣስታት 270 ኣባላት ባይቶ ዝፈጠርዎ ሓይሊ፡ እቲ እማመ ብዙሕ መጸናዕትን እንተታትን እናተገብረሉ ክጸንሕን ብኽልቲኡ ባይቶ ተቐባልነት ከይረኸበ ኣብ ትግባረ ከምዘይውዕልን ተገይሩ ኣሎ።

ክልቲኡ ባይቶ እንድሕር ተቐቢልዎ፡ ክሓዊ ኣብ ዘይክእል ኩነታት ጥዕና ዝኣተወ ልዕሊ 18 ዓመት ዕድመ ዘለዎ ሰብ ብናይ ገዛእ-ርእሱ ፍታው ብሕክምና እናተሓገዘ ርእሱ ክቐትል ዝፍቅድ ሕጊ ይወጽእ ማለት እዩ።

ኣብ ከም ካናዳን ስዊዘርላንድን ዝኣመሰላ ሃገራት ብዙሕ ክብደት ዘይወሃቦ ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት ኣብ ብሪጣንያ ክጸድቕ ብዙሕ መለከዒታት ኣድልይዎ ኣሎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ዘሎ ማሕበረሰብ ኢንግላንድ ብሃይማኖታዊ ኣተሓሳስባ ዝምዘእ እኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ሓያሎ ወለዶታት ዝተሰረተ እኩብ ድምር ስነ-ምግባራዊ ልምድታት ብቐሊሉ ክፈርስ ይጽገም። ሕጂ ብታሕተዋይ ባይቶ ተበጺሑ ዘሎ ተቐባልነት እቲ እማመ ሓያሎ ዓመታት ዝወሰደ ህዝባዊ ክትዓት መራኸቢ ብዙሓን ክኸይደሉ ጸኒሑ እዩ።

ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት ምቕባልን ምንጻግን ኣብ ናይ ውልቀ-ሰብ እምነቶ ወይ ኣተሓሳስባ ይምርኮሱ። ኑቲ እማመ ዚቃወሙ ወገናት፡ ኑቲ ውልቃዊ እምነት ካልኦት ኣይከኑን ዚቃወሙ። ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት እንድሕር ተፈቒዱ፡ ቀይድታትን መለከዒታትን በብቐሩብ እናፈረሰ ብህሊ ርእሰ-ቅትለት ከይስዕርር ዝብል ስግኣት ኣለዎም። ርእሰ-ቅትለት ኣብ ኩሉ ማሕበረሰብ ዓለም ገበን ከም ምዃኑ፡ ብሓገዝ ሕክምና ዝግበር ርእሰ-ቅትለት፡ ህይወቱ ከጥፍእ ዝደሊ ሰብ ከም መሐለውታ ኣጸዋር ከይጥቀመሉ ዝሰግኡ ወገናት ኣለው።

ታሕተዋይ ባይቶ ኢንግላንድ ዝሓለፎን ገና ብዙሕ መሰናኽል ዝጸበዮን እማመ፡ ካብቲ ኣብ ስዊዘርላንድን ካናዳን ዝረአ "ብፍታው ዝፍጸም ግልግል" (voluntary euthanasia) ዝተፈልየ እዩ። ናይ ኢንግላንድ ብሕክምና ዝሕገዝ ርእሰ-ቅትለት (physician-assisted




suicide) እናተባህለ ክጽዋዕ እንከሎ ሓኪም መድሃኒት ይቐርብን ይዕዘዝን እምበር "ኣይሳተፍን"። ኣብቲ ኣብ ከም ስዊዘርላንድ ዝፍቀድ "ናይ ፍታው ግልግል" ግና ብናይ ሓኪም ምትእትታው ይፍጸም።

ኣብ ኢንግላንድ ከም እማመ ክትዕ ዝጸንሐ ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት ሓያሎ ቀይድታትን መለከዒታትን ኣለዎ። እቲ ሕሙም ብሕታዊ ሓኪም ዘለዎን ንልዕሊ ዓመት ክትትል ዝተገበረሉን ክኸውን ኣለዎ። ኣስገዳዲ ወይ ጸቕጢ ብዘይብሉ ኣገባብ ብናይ ገዛእ-ርእሱ ድሌትን ብንጹር ውሳነን ዝተቐበሎ ኣማውታ ክኸውን ከም ዘለዎ እቲ ኣብ ባይቶ ዝተነበበ መለከዒ ይሕብር።

ብዘወረዶ ሓደጋ ወይ ሕማም ልዕሊ መንፈቕ ብህይወት ክሰርር ዘይክእል ምስ ዝኸውን እዚ ምርጫ እዚ ክወስድ ይኽእል ይብል፡ እቲ ናይ ባይቶ ኢንግላንድ መለከዒ። እንድሕር ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ዝመውት ኮይኑ ድማ ሕክምናዊ ርእሰ ቅትለት እውን ኣየድልየን ዝብሉ ወገናት ኣለው። ሓሓሊፉ እውን ካብ መንፈቕ ንላዕሊ ብህይወት ክነብሩ ከምዘይክእሉ ዝተነግሮም ወጹዓት፡ ጥዕናኦም ተመሓይሹ ሓያሎ ዓመታት ቀጺሎም ሓደስቲ ዝተወልዱ ደቂ ደቆም ዝረኣዩ ከም ዘለዉ ከም ኣብነት ይጠቕሱ።

እቲ ሰብ ብሕክምና ክቕተል "ብቑዕ" ምዃኑ ክልተ ሓካይም ዶክተራት ክምስክሩሉ ኣለዎም። ናይ ሸውዓተ መዓልቲ መጸናዕትን ግምገማን ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ኸኣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምስክርነት ናይ ሓደ ዶክተር ይሰምዕ እሞ እቲ ውሳነ 'ብቑዓት' ይረክብ። ተቐባልነት ዘለዎ መድሃኒታት ከኣ ብሓካይም ይዳሎ ግና ሓኪም ኑቲ ሕሙም ክውሕጦ ወይ ክወግኦ ኣይፍቀደሉን። ባዕሉ እቲ ሕሙም ኑተን መቕተሊ ኣፋውስ ክጥቀመለን እንከሎ ሓኪም ኣብ ጥቓኡ ጠጠው ኢሉ ይዕዘብ። ምትእትታው ግና ኣይገብርን። እቲ ኣገባብ እንተ ተዓዊቱ ወይ እንተፈሺሉ ድማ ሓኪም ይምስክር። ሕሙም መድሃኒት ቅድሚ ምውሳዱ እንድሕር ተጣዒሱ፡ ሓኪም ኑቲ መቕተሊ ኣፋውስ ከርሕቖ ኣለዎ።

ብመሰረት እቲ ናይ ኢንግላንድ እማመ ኣብ ልዕሊ ሕሙም ጸቕጢ ዝገበረ ወይ ሙማት ከም ዝሓይሽ ጻውዒታት ዘቕረበ ብሕጊ ተሓታቲ ክሳዕ ናይ 14 ዓመት ማእሰርቲ ክቕጻዕ ይኽእል። እዚ ኹሉ ኣብ ባይቶ ኢንግላንድ ዝተራእየ መለከዒታት፡ ኑቲ ርእሰ ቅትለት ኣብ ካልእ ሃገር ካብቲ ብድልየት መዋታይ ዝፍቀድ ቀይድታት ዘይብሉ 'ዩታናዚያ' ብዝበለሐ ከም ዝፈላለ የረድእ።

እቲ እማመ ከም መጠበሲ ኩይኑ ምስ ግዜ እናማዕበለ ብምኻድ ናብቲ ብድልየት መዋታይ ዝፍቀድ መሰናኽል ዘይተጉብረሉ ርእሰ ቅትለት ከይሰጋገር ዝሰግኡ ወገናት ኣለው። ብሕጊ ዝፍቀድ ሕክምናዊ ርእሰ ቅትለት እናተለምደ እንድሕር ከይዱ ክብሪ ህይወት ሰብ ብኣኡ መጠን እናሓሰረ ከይከይድ ስግኣቶም ይገልጹ። ኣብ ስዊዘርላንድን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ክገጸው እቲ ክሓዊ ብዘይክእል ሕማምነት ዝሳቐ ክመውት ዝናፍቕ ሰብ፡ ናይ ኣእምሮ ጭንቀት ከም ዘለዎ ዝገልጽ ወይ ብጽምዋ ይሳቐ ስለ ዘሎ ክገላገል ንዘደሊ ሰብ ድልየቱ ዘቀላጥፈሉ መስርሕ ድልዊ እዩ። ብፍታው ንዝፍቀድ ግልግል፡ ሓካይም ዝሳተፉሉ ርእሰ ቅትለት ብደረጃ ንግዳዊ ትካል ዘካይዳ ናይ ንግዲ ዋኒናት ብንጥፈት ይዓያ ኣለዋ።

## ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝተሓጽረ ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት

ብደገፍ ሕክምና ዝፍቀድ ርእሰ-ቅትለት ዘመናዊ መልክዑን ሕጋውነትን ሒዙ ኣብ 1942 ኣብ ስዊዘርላንድ ከም ዝተጀመረ እዩ ዝፍለጥ። ኣብ ውሑድ ዓመታት ናብ ካልኦት ሃገራት ዓለም ክተኣታቶ እኳ እንተኸኣለ፡ ብደረጃ ዓለም-ለኸ ግና ተቐባልነት ኣይረኸበን።

እዚ ሕጂ ኣብ ብሪጣንያ (ኢንግላንድን ዌልስን) ተቐባልነት ዝረኸበ ዘሎ ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት ኣብ ክፍላ ዝሓለፈ ሰላሳታት ኣስታት ቅድሚ ቴስዓ ዓመት ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ ክትዕ ተገይሩሉ ከም ዝበረን ከም እተነጸገን መዛግብቲ የረድኡ። ኣብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ክበጽሕ ክንደዚ ዓመታት ዝወሰደ እማመ ሕጂ እውን ብብዙሓት ኣባላት ባይቶ ተቐባልነት ኣይረኸበን።

ኣማውታ ሰብ ብስቓይ ዘይኩነስ ዕረፍቲ ብዝሁብ ኣገባብ ክኸውን ከም ዘለዎ ካብ ጥንቲ ብማሕበረሰብ ዓለም ዝእመነሉን ዝዝረበሉን ልምዲ እኳ እንተኾነ ኣብ ኣገባብ ኣፈጻጽማ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ብዙሕ ፍልልያት ኣሎ። ሓያሎ ካብ ሃገራት ምዕራብ ውሱን ዓይነት ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት እኳ እንተፈቐዳ፡ ብዘኸሉ ምኽንያት ጠረሹ ክጅመርን ክትኣታቶን ከምዘይብሉ ብምግላጽ ዘኣገዳ ሃገራት እውን ኣለዋ።

እተን ንሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት ዚቃወም ማሕበረሰብ ዘለወን ሃገራት፡ ክብሪ ህይወት ሰብ እናሓሰረ ከይከይድን በብቐሩብ ኣብ ግጉይ መዓላ ከይውዕልን ኣብ ዝብል ስነ ምግባራዊ ኣመለኻኽታ ይጸቕጣ። ከም ባህሊ ተቐባልነት ከይረኽበን ክብሪ ምዕቃብ ህይወት ሰብ ዘፍርስ ልምዲ ከይምዕብልን ድማ ይጽውዓ። ኣብ ዓለም ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት ኣብ ዘተኣታተዋ ሃገራት ልዕሊ 300 ሚልዮን ህዝቢ ከም ዝነብር ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ኣብ ገለ ሃገራት ብዙሕ መለከዒታት ከም ዘይብሉ ይፍለጥ።

ኣብ ኣመሪካ ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት ዘተኣታተዋ 10 ክፍለ ሃገራት ኣለዋ። እታ ብቐዳምነት ዘተኣታተወት ከም ኣብነት እኳ እንተኾነት፡ መብዝሕትኦን ግና ጠበቕቲ መለከዒታት ኣለወን። ሕክምናዊ መቕተልቲ ዝጠልቡ ሕሙማት ዘቕርብዎ ምኽንያታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ። ናይ ካናዳ ግና ካብቲ ኣብ ኣመሪካ ዝረአ ኣገቦት ኣገዩ እናላሕለሐ ከም ዝኸደ ኣብዚ ቐንያት ክቃልሑ ዝቐጸሉ ዜናታት የረድኡ። ኣብ ካናዳ ቅድሚ ሸሞንተ ዓመት ዘተኣታተውቶ ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት "ክሓዊ ብዘይክእል ሕማም ክጽወር ኣብ ዘይክእል ቃንዛ ንዝርከቡ" ዝብል ምኽንያት ነይሩዎ። ክጅምር እንከሎ ካብ 100 መውትቲ ሓደ ሰብ ጥራይ ሕክምናዊ መቕተልቲ ይሕተዱ ነይሩ። ኣብዚ እዋን ግና ኣብታ ሃገር ካብ ዝሞቱ 20 ሰባት ሓደ ብሕክምና ከም ዝመወተ ጸብጻባት የረድኡ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራይ ልዕሊ 15 ሽሕ ሰባት ብሕክምናዊ ሓገዝ ከም ዝሞቱ ጸብጻባት የረድኡ። ምኽንያት ናይዚ ድማ እቲ መለከዒታት እናተመሓየሸን እናተቐየረን ብምኻዱ ምዃኑ ምንጮታት ይገልጹ። ኣብ ኤውሮጳ ሕክምናዊ ርእሰ-ቅትለት ዘተኣታተዋ ሃገራት ኣብቲ "ብዘይምሕር ኣቐንዛዊ ሕማም ንምግልጋል" ዝብል ምኽንያት ናይ "ኣእምሮ ጭንቀት" ንዝለዎም እውን ከጠቓልል ካብ ዝጀምር ንደሓር እቲ መለከዒታት እናፈኸሰ ከይዱ። ናይ ኣእምሮ ጭንቀት ብዙሕ ዓይነት ጸገማት ስለ ዝሓቁፍ፡ ብሞት ክናገፍ ዝግበኦ ንምውሳን እውን ኣጸጋሚ እዩ። ናይ ኣእምሮ ጭንቀት ከም ምኽንያት እናተኣታተወ ብምኻዱ ግና "እቲ ሕክምናዊ ርእሰቅትለት" እናፈኸሰን እናተለምደን ክኸይድ ጠንቂ ከም ዝኾነ ክኢላታት ይገልጹ።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገለብ ደሓን |
| 14:25 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15:00 | ህርመት |
| 16:25 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | መደብ ጸባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕኑት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ፍኖተ-ሂወት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

## ነጥበ መቐይሮ

16 ክፋል

*“ንኽብርታትካ ብዝጸብርቕ መንገዲ ህይወትካ ምምራሕ፡ ብዙሓ እቲ ኽኽኣ እትሰርሖ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንታይ ብዙሓ ንገራት ብኸመይ ትሰርሖም እዩ ዝምልከት።” - ዲቦራ ደይ*

*“ተሰፋታትናን ርድኢታትናን እንታ ዘዋፃበርናዮም፡ እቲ ብቤትሮ እተሰርሐ ግዛ ናይ ክብርታትና ኣንጸባራቒ ኩይኑ ክቐጽል እዩ።” - ኢሬክ ፐቨርናድ*

ብዙሓት ክብርታት ስለ ዘለዉና፡ ኣብ እቶም ቀንዲ ክብርታትና መረጸና ምትኳር ኣገዳሲ እዩ። ክብርታት ክሳዕ ሕጋጋትን መምርሒታትን እዮም። እዞም ክብርታትና ኣብ ህይወትና እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ቀምብረራት እዮም። ክብርታትና ኣብ መላእ ዕምርና ኣብ እንወስዶም ምርጫታትን ውሳኔታትን እቶም ሰማያዊ ንድፌ (blue print) ወይ ቅጥዒ እዮም።

ክለተን እተባህለ ሊቕ ነዞም ምርጫታትን ውሳኔታትን ክገልጾም እንከሎ፡ “ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብናቱ ክብርታት'ዩ ዝምራሕ። እቶም ክብርታት እቲ ሰብ ብቓሉ ዝገልጾም ክኾኑ ይኽእሉ ወይ ብስሉሒታ ዝፍጽሞም ክኾኑ ይኽእሉ። ሽቶታት ኣብ ምምራጽ፡ ንገለ ባህርያት ኣብ ምሕራይ፡ ግርጭታት ኣብ ምፍታሕ፡ በቲ ንዓና ጸቡቕ ወይ ተባህጊ ኩይኑ ዝርኣናዮ ርድኢት ኢና እንጓዓዝ።

ክለተን፡ “ሽሕ እኳ ንፍሲ ወከፍና ብሓደት መጠን ፍሉያት ክብርታት እንተ ሃለዉና፡ እቶም ናይ ውልቅና ክብርታት ሙብዛሕትኡ ግዜ መሰረቶም ባህልና እዩ። ትምህርታውን ሃይማኖታውን ንጥፈታትና፡ … ኩሉም እዚኦም ንውልቃዊ ክብርታትና እዮም ዘንጸብርቑ።” በሃሊ እዩ።

ኢልየት እተባህለ ቀለም ጸሓፊ ከኣ፡ “ነፍሲ ወከፍ እንዓጸ፡ ነፍሲ ወከፍ እንወስዶ ውሳኔ መሰረቶም እምንቶና፡ ኣረኣእያናን ክብርታትናን እዮም።” ብምባል ይገልጾም።



ንኽብርታትካ ክትፍትን እንተ ደሊኻ፡ ኣብ ገለ ሓሳባት ዘለካ ስምዒት ክትግምዘብ ይግባእ። ንኣብነት ኣብ ምንጻል ጥንሲ፡ ምጥቃም ሓሽሽ፡ ዝሙት፡ ስርቂ … ዘለካ ኣረኣእያ ከመይ ይመስል? ካብ እዞም ጉዳያት ዘለካ ርድኢት ተበጊሶ፡ ንኽብርታትካ ምግላጽ ኣይእግመካን እዩ።

… ካብ ጸቡቓን ተባዛሚን ዘለና ርድኢት ነቒልና፡ ኣብ ካልኦት ገለ ሸቶታት ንሓሪ፡ ንባህርያትና ድማ ብመለከዒ እቲ ቕኑዕን ክቡርን እንብሎ እምንቶና ንቓጽዮ። ኣብ ዋኒና እነካይዶ ኣገባብ ንጥፈታት፡ ምስ ብዓልቲ ቤትና፡ ደቅናን ዓርኩመሓዛትናን እንገብሮ ዝምድና፡ ንገዛእ ርእስናን ንኻልኦት ሰባትን እንልግሶ መጠን ክብሪ፡ ሚልተን እተባህለ ሊቕ ንኽብርታት ኣብ ክልተ ይኸፍሎም፡ ንሱ ሞራላውያንን ዘይሞራላውያንን ክብርታት ብምባል እዩ ዝኸፍሎም። ኣብ እዚ ኣርእስቲ ሞራላውያንን ዘይሞራልያውያንን ዝበሃሉ ኣምራት ምስ ዝኸውን ሃይማኖታዊ እምንት ዘተሓሓዘ የብሉምን።

**ሞራላውያን ክብርታት፦** እዞም ክብርታት ምስ ቅኑዓትን ግጉያትን ሰናይን እኩይን … እተታሓሓዙ እዮም። እዚኦም መሰረት እቶም ንሕና እንሕዞም ፍርድታት ወይ ሞራላዊ ሓለፍቲ እዮም። ካብ እቶም ስ ምግባራውያን ባህርታት ዝበሃሉ - ከም ሓቂ ምዝራብ፡ ቃልካ ምኽባርን ንኻልኦት ዘይምህሳይን ድማ፡ ከም መምርሒ ኩይናም የገልግሉ።

ዝተፈላለዩ ባህርያት - ከም ቅንዕና፡ ተኣማንነትን ርትዓውነትን ሙብዛሕትኡ ግዜ ምስ ሞራላውያን ክብርታት እተኣሳሰሩ እዮም። ምራላውያን ምሉኣት ሓሳባት ብዙሕ ግዜ ፍሉያት ቃላት ከም - ግድን ከዐ፡ ወትሩ … ዝኣመስሉ ዝሓቑፉ እዮም።

**ዘይሞራላውያን ክብርታት፦** እዞም ክብርታት ምስ ጣዕሚ፡ ሕርያን ቅድታትን እተታሓሓዙ እዮም። እዚኦም ምስ ዝድለዩን ዘይድለዩን እምበር፡ ምስ ቅኑዓትን ግጉያትን ወይ ሰናይን እኩይን ዘዕምድ የብሉምን። ኣብ ዘይሞራላውያን ክብርታት፡ ስምዒት ምስጉዳድ ኣይንጸብረቓን እዩ። ንዘይሞራላውያን ክብርታት ክትቅበል ወይ ክትነጽግ ዝኾነር ዝኾነ ሞራላዊ ሓለፍቲ የለን።

ምስ ዘይሞራላውያን ክብርታት ዝተኣሳሰሩ ባህርያት፡ ብዓንደ ርእሶም ውልቃውያን ባህርያት እዮም። ገለ ካብኣቶም - ምጭውትነት፡ ሕንክት ወይ ወትሩ-ሕጉስ ምኳን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ኣብዚ ቅንዕና ወይ ርትዓውነት ከም ኣርእስቲ እውን ኣይለዓሉን እዮም። ዘይሞራላውያን ክብርታት ናትካ ምርጫ እምበር፡ ብኻልኦት ተጉዳድካ እትገብሶም ኣይኮኑን። ካብ ፊልም ምዕዛብ ንላዕሊ፡ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ክትሓሪ ትኽእል። ካብ ቴለቪዥን ምዕዛብ ንላዕሊ፡ ምንባብ መጽሓፍቲ ምርጫኻ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

ዘይሞራላውያን ክብርታት ካብ ሞራላውያን ክብርታት ንላዕሊ፡ ዝበዝሐ ዝርዝር ከም ዝህልዎም ርዱእ ነገር እዩ። እቲ ምንታይሲ ንሳቶም ኣብ ኩሉም ነገራት፡ ኣምራትን ተመኩሮታትን ዘለካ መግለጺ ኣረኣእያኻ እዮም። ኣብ መካይን፡ ቅብኣ፡ ደርሆት፡ ፍልጠት፡ ባህታ፡ ስፖርት፡ … ዘለካ ርድኢት ሐደት ጥራይ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም።

ምሉኣት ሓሳባት ዘይሞራላውያን ክብርታት ሙብዛሕትኡ ግዜ ከም እቶም ኣብ ምሉኣት ሓሳባት ሞራላውያን ክብርታት ዝርከቡ ቃላት ይሓቑፉ እዮም። የግዳስ ኑቶም ቃላት ኣብ ባይታ በቲ ልክዕ ቃናኦም ኣይንጥቀመሎምን ኢና።

ክብርታት ብዘይጥርጥር ኣብ ህይወትና እምብዛ ኣገደስቲ እዮም። እሞ ክብርታትና መፋጥርትና ደዩም ዋላስ ቀስ ብቐስ ኢና እነጥርዮም?

## ምስጢር ክብርታት

ካብ ዝፍለጠካ ግዜ ኣትሒዝካ፡ ንህይወት ዝምልከቱ ሓያሎ መልእኽቲታት ሰሚዕካ ትኾውን ኢኻ፡ “ህይወት ማለት …።”፡ “ዓወት ማለት …።”፡ “እቲ ልዕሊ ኹሉ ዘገድስ …።”፡ ዝብሉ ዝተፈላለዩ መልእኽቲታት፡ ብወለድኻ፡ መሳቱኻን ሕብረተሰብኻን ብሓፈሻ ናጥካ ዝመሓለፉ ከም ዘለዉ ርዱእ እዩ።

ምስ ክብርታትና ኣይኮንናን ተወሊድና። ክንዓቢ እንከለና ብባህልታትናን ሕብረተሰብናን ኑቶም ምሳና ዝዕብዩ ክብርታት ንምዘርዎም። እንታይ ክኸውን ከም ዘለና እምበኣር ብጾዕቂ ኢና ተማሂርናዮ።

* ክፃበሩ ዘለዎምን ዘይብሎምን- ዕድመ ኩትትና ወይ ግርዘውና ኣብ ህይወትና ክብርታት እንምዝረሉ ኣዝዩ ወሳኒ ዕድመ እዩ። ሊቃውንቲ ስነ ልቦና፡ “ኣብ ፈለማ ዕድመና እቲ ዝጠዐሐ ባህርያትና ካብ ወለድና ኢና እንምሃሮ። ቀዳሞት ሽቶታትናን ባህግታትናን እውን ካብዚ መወከሲ ዝመንጨዉ እዮም። ኣብ ቀዳሞት ሓደት ዓመታትና፡ ንኽብርታትና ኣብ ምምርሓ ሕጸረት ፍልጠትን ብስለትን የጋጥመና።” እዮም ይብሉ።

ትምህርቲ ምስ ጀመርና ጸልዋ ወለዲ ምስ ጸልዋ መዛኑ፡ መማህራንን መራኽቢ ብዙሓንን ይጽንበር። ካብ ወለድና ክፃበሩ ዘለዎምን ዘይብሎምን እንምዝርም ባህርያት እምብዛ ብዙሓት እዮም። ኣብዮት እምንት እውን ናተን ተራ ይህልወን። ብመንጽር፡ ዓርክ መሓዛትናን መምህርትናን ድማ ገለ ክብርታት ከም እንርስዖ ክንዕቕና ይኽእሉ።

ፊልምታትን መራኽቢ ብዙሓንን ኣብ ልዕሊና ዘሕድርዎ ጸልዋ፡ ቀጻሊ ይዓቢ ምህላዉ ርዱእ እዩ። ኣብ እዚ ቀረባ ግዜ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽርዖ፡ መንእሰያት ብጠምጋም ኣብ ሰሙን ንኣርባዓ ሰዓታት ኣብ ቅድሚ ቴለቪዥንን ኢንተርነትን ተጕዚፎም የሕልፍዎ ኣለዉ።

ብሰሪ እቶም ድሑርና እንረኽቦም ሓበሬታታት፡ ኑቶም ካብ ወለድና ዝወረስናዮም ክብርታት ኣብ ምልክት ሕቶ ኹሉምን ዳግማይ ንምምዛምዛም፡ ሙብዛሕትኡ ሰብ ዝ ዳግመ ግምገማ ክብርታት ኣብ ግዜ ኩትትና ወይ ግርዘውና እዩ ዝጅምሮ።

# ውልቃዊ መንነት ምምዕባል- ኑቶም ማብቁዓውያን ክብርታትካ ዳግማይ ክትግምግሞም እንከለኻ ወዲ ኽንደይ ዓመት ነይርካ ትኸውን? ወዲ 18፡ ወዲ 20፡ ወዲ 25 ወይ ወዲ …? እቲ ልክዕ ግዜ ብዘየገድስ፡ ናይ ውልቅኻ ክብርታት ክተማዕብል ዝጀመርካሉ ዓመት፡ ዕለተ ልደት ውልቃዊ መንነትካ እዩ።

ካብ እታ ዓመት ጀሚርካ ንኽብርታትን ሕልምታትን ወለድኻ ሸለል ብምባል፡ ካብ ተመኩሮኻ ተበጊስካ ተወሰኽቲ ክብርታት ክትሃንጽ ትጀምር። ሽሕ እኳ መንእሰያት ንብዙሓት ክብርታት ወለዶም ዝቕበሉ እንተኾኑ፡ ንገለ ካብ እቶም ክብርታት ዳግማይ ብምኽላስ ውልቃዊ መንነት ክሃንጹ ዝበሀኑ ሐደት ኣይኮኑን።

ኩባና ንገራት ብኸመይ ክንርእዮምን ክንግምግሞምን ከም ዘለና፡ ብዙሕ ጸልዋ እዩ ዘሕድረልና። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ እቲ ቕኑዕ ወይ ጌጋ፡ ሞራላዊ ወይ ዘይሞራላዊ ዝበሃል ተግባር ብርድኢት እቲ ተቐባሊ እዮም ዝውሰኑ። ከም ውጽኢቱ ብሓደ ሰብ ከም እገዶ ኣገዳስን ዋጋ ዝወሰ ዝቐጻር ገለ ነገር፡ ንኻልእ ሰብ ብኣንጻሩ ክኸውን ይኽእል እዩ። እሞኸ ንተግባራት ካልኦት ሰባት ብመለክዒታትና ወይ ክብርታትና ክንፈርዶ ኣለና ደዩ?

ካልኦት ኣገደስቲ ረቛሒታት ኣብ ምህናጽ ክብርታትና ጸለውቲ እዮም። ገለ ካብኣቶም ነዞም ዝስዕቡ ይመስሉ፥

• **ሃይማኖታውያን እምነታት፦** እምንት እንታይ እዩ? ‘እምንት ምቕባል ንገለ ሓሳባት ወይ እንተታት እዩ፡’ ኢሎም ዝትርጉምዎ ሊቃውንቲ ኣለዉ። እዚ እምንት ኣብ ኣምላኽ ወይ ኣብ ካልኦት ነገራት ክኸውን ይኽእል። ኣብ ሃገርና ዘለዋ ዓበይቲ ሃይማኖታት ንጹራት ሰዓብቲ ዘለወንን ንሓያሎ ዓመታት ብዘደንቕ ኣገባብ ተሳንየን ዝነብራን ሕጂ እውን ዝነብራ ዘለዋን እየን።

ስኮት ፔክ ኣብ እታ፡ ‘The Road Less Traveled’ ዘርእስታ መጽሓፉ፡ “ነፍሲ ወከፍ ዓበይቲ ሃይማኖታት ዓለምና ተመሳሳሊ ሓሳባት ፍቕሪ፡ ዳርጋ ሓደ ክብሪ ኣብ ሰብኣውነት ከምኡ እውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ንስዓብቶን ብሉጻት ሰባት ክኮብሩ ይጽዕሩ።” ኢሉ።

ሙብዛሕትኡ ህዝቢ ዓለም ሃይማኖታቱ ብጠዓዝዘዎ መሰረት፡ ንሓያሎ ትእዛዛት ይምእዘዝ፡ እዚ ገለ ክብርታት ንኸተማዕብል ይሕግዘና። ዕላማና ኣብ ህይወት ንኽለሊ ይሕግዘና። ትርጉምን ኣንፈትን ህይወት የፍልጠና። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣካል ክብርታትና ኩይኑ ምስና ይቕጽል።

• **ኣመለኻኽታታት፦** ኣመለኻኽታታትና እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ምንዛዕ (orientation) ኣብ ወሰን ዒላማ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ወሰናት ሰባት ማለት ወለድና፡ መሳርሕትና፡ መማህራንና፡ … ናትና ዝኾነ ኣመለኻኽታታት ኣለዉና። ኣብ ነገራት ወይ ዒላማታት ከም መግቢ፡ ፊልምታት፡ በዓላት ወይ መርዓ እውን ናትና ዝኾነ ኣረኣእያታት ወይ ኣመለኻኽታታት ኣለዉና።

እዚ ሕጂ ምሳኻ ዘሎ ኣመለኻኽታ፡ ኣብ መላእ ዕምርኻ ዘጥረኻዮ እዩ። ብኸመይ ግዳ ኣጥሪኻዮ? ንገለ ካብ ኣመለኻኽታኻ ካብ ወለድኻ፡ ዓርኩመሓዛትካን መማህራንካን ዘጥረኻዮም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። መራኸቢ ብዙሓን ወይ ማሕበራውያን መራኸቢታት እውን ንኣረኣእያና ኣብ ምምእዛን ዓቢ እጃም ኣለወን። ካብ ተመኩሮኻ ተበጊስካ፡ ባዕልኻ ዘጥረኻዮ ኣመለኻኽታ፡ ኣብ ውሽጥኻ ነዊሕ ሱር የብቅል። ከም ውጽኢቱ ብቐሊሉ ዝልወጥ ኣይኮነን።

እወታዊ ኣመለኻኽታኻ ብዙሕ ግዜ ውጽኢት እወታዊ ተመኩሮኻ እዩ። ኣሉታዊ ኣመለኻኽታኻ ድማ ውጽኢት ኣሉታዊ ተመኩሮኻ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ካብ ተመኩሮኻ ዝቐሰምካዮ፡ ንዳሕረዋይ ህይወትካ ኣብ ምጽላው ዓቢ እጃም ይህልዎ። ካብ ሓደ ወይ ተመሳሳሊ ኩነታት ሓደ ዓይነት ወይ ተመሳሳሊ ውጽኢት ክትጽበ ባህርያዊ እዩ።

ነዞም ዝስዕቡ ምሉኣት ሓሳባት እስከ ንመልከቶም፥

• “ዳግማይ ከቶ ኣይምርያን እዩ። ዳግማይ እንተ ተመርዕየ፡ ዳግማይ ከም ዝፋታሕ ፍሉጥ እዩ።”

• “ኣደ ቶማስ ካብ ኣደ ፊልሞን እተፈልየት ኢያ። ብርግጽ፡ ካብ ሓሜት ዘይተጸገኽዎ እዩ።”

• “ምስ ወይዘሮ ተኽኣ ክሰርሕ እኽእል እየ። እቲ ምንታይሲ፡ ምስ ካልእ ሰበይቲ ንሓያሎ ዓመታት ተሳንየ ሰሪሐ እየ።

ካብ እዞም ኣብነታት ክንርእዮም ከም እንኽእል፡ እቶም ኣረኣእያታት ብሕሉፍ ተመኩሮታትን ትጸቢታትን እተማዝዙ እዮም። ሕሉፍ ተመኩሮኻን ትጸቢትካን ክሳብ ክንደይ ንህሉው ኣረኣእያኻን ክብርታትካን ዝጸለዉኻ ይመስለካ?

ነዞም ኣመለኻኽታታትን ክብርታትን ዳግማይ ክትግምግሞም ዘለካ ኩይኑዶ ይስምዓካ? እቲ ኣመለኻኽታ ሓያል ብዝኾነ መጠን፡ ንኽትልውጦ ብኡኡ መጠን ኣጸጋሚ ይኸውን። ስለምንታይ? እቲ ምንታይሲ ስምዒታትና ስለ እተሳተፍዎ።

• **ቅድመ-ፍርዲ፦** ቅድመ-ፍርዲ ኣቐዲምካ ኣብ ኣእምሮኻ እትቕርጾ ርእይቶ፡ ስምዒት ወይ ኣረኣእያ እዩ። እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ክኸውን ይኽእል እዩ። ቅድመ-ፍርዲ ብዘይ እኹል ሓበሬታ ዝወሃብ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ስራሕ ክትቈጸር እንከለኻ፡ ርእይ ምስ ኣብልካዮ ጥራይ ንናይ ቀረባ ሓላፊኻ ክትንዕቖ ትጅምር።

ካብ ርእይቶ ካልኦት ሰባት ተበጊስና ከየመዘንና እንፈትዎም ወይ እንጸልኦም ሰባት ብዙሓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኑቶም ሰባት ብኣካል ረኺብና ብዘየገዳእ ምስ ተላለናዮም ጥራይ ኢና ፍትሓዊ ርእይቶ ክንምዕብል እንኽእል። ስለምንታይ? እቲ ምንታይሲ፡ ቅድመ ፍርድታት ሙብዛሕትኡ ግዜ ዘይተረጋገጹ ኣረኣእያታት እዮም።



*“ብዙሓት ሰባት ኑቲ ዘይኮኑዎ ልዕሊ ንብረ ክብሪ ይህብዎ። ብመንጽሩ ኑቲ ዝኾኑዎ ትሑት ክብሪ ይህብዎ።” - ማልኮም ፎርብስ*

*“ክሳብ ንገዛእ ርእሰኻ ክብሪ እትህብ፡ ንግዜኻ ክብሪ ኣይክትህቦን ኢኻ። ክሳብ ንግዜኻ ክብሪ እትህብ፡ ብግዜኻ ዋላ ሓንቲ ኣይክትሰርሕን ኢኻ።” - ሞርጋን ስኮት ፔክ*

ይቕጽል

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ምሕያል ወፍሪ ኣብ ቈልዑ

ሰቦት ኣብዛ ዓለም ኣብ ዝተፈላለዩ "የርብሓኒ እየም" ኢልና እንሓስቦም ጉዳያት ወፍሪ ክንገብር ንርአ ኢና። ወፍሪ ክበሃል ከሎ ንሓደ ክትዕውተሉ ዝደለኻ ዕላማ እትውፍዮ፡ ግዜ፡ ጉልበት፡ ገንዘብን ንዋትን ወዘተ እዩ። ወፍሪ ኣብ ቈልዑ ክበሃል ከሎ ድማ ቈልዑ ብዘየግድስ ተኽእሎኦም ዕብየቶምን ምዕባለኦምን ንኸረጋግጽ ብስድራቤት፡ ኮሙ፡ ሕብረተሰብን ሃገርን ዝግበር ከለንትናዊ ማሰዋእትን ወጻኢታትን የጠቓልል።

ብመሰረት ሃገራውን ኣህጉራውን ሕግታት፡ ቈልዓ ዝበሃል ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኡ ሰብ እዩ። ግዜ ቈልዕነት ኣገዳሲ ተነቃፊን ልዑል ተጸላውነት ዘለዎን ብምዃኑ፡ ቈልዑ ልዑል ፍቕሪ፡ ሓልዮትን ናብዮትን ወለዲ፡ ኮምን ሕብረተሰብን የድልዮም። ኣብ ታሪኽና ክንምልከት ከለና፡ ህዝቢ ኤርትራ "ጸጸቢቑ ንህጻናት፡ ዝዓቢ ቈልዓ ኣይትብድል፡ ቈልዓ ብንእሱ ቁርበት ብርሑሱ ወዘተ.." ብዝብሉ ልቦና ዘለዎም ብሂላት እናተመርሐ ንደቁ ወፍሪ ኣብ ምግባር ዘቑረጸ ህዝቢ ኢዩ። ኣብ ግዜ መግዛእትን ቃልሰን'ውን እንተኾነ፡ ኣብ'ቲ ዝተናወሐ ንሓርነት ዝተገብረ ኩናት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ እግሪ ተኸሉ ጀሚሩ ሓቢሓቢን ናባይን ህዝቡ ንምዃን ዝበቅዐ ብፍላይ ከኣ ኑቶም ኣብ ሓራን ሓውሲ ሓራን ቦታታት ዝነብሩ ቈልዑ ንዕብየቶምን ምዕባለኦምን ዘማእከለ ኩለንትናዊ ዕድላት ትምህርቲ፡ ጥዕና ወፍሪ ብምግባር ብቑዓት ዜጋታት ምፍራዩ ናይ ትማሊ ተዘክሮ'ዩ።

ከም መቐጸልታኡ ናይ'ዚ ጉዕዞ ድማ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ናጽነት ኣትሒዙ ነዚ ቅዱስ ዕላማን ህዝባዊ መትከልን ከም ማእከል ሕንብብ ውሕስነትን ምዕባለን ኤርትራ ኣጉዲሱ፡ ተገዚቡ ብዝለፍሐ ደረጃ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክዘርግሕ ከሎ፡ ቀዳምነት ንረብሓ ቈልዑ ዘማእከለ ኣህጉራዊ ውዕል መሰላት ቈልዑ ምጽዳቑ ዝፍለጥ'ዩ። ጉድኒ ጉድኒ መንግስታዊ ወፍርታት ድማ ህዝብና ንኹሉ ዜጋጥሞ ማሕበራውን ቁጠባውን ብድሆታት እናማከተ ንደቁ እታ ዘሎቶ ከወፍረሎም ምጽንሑ'ውን ኣገናዕ ክበሃል ዝግብኦ ህዝቢ እዩ። እንተኾነ ከም ኣካይዳ ናይ ዝኾነ ዓይነት ወፍሪ፡ ንቈልዑ ዝግበር ወፍሪውን ይኣኽለ፡ ዝበሃሎ ስለዘይብሉ፡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ብዓይነትን ብዝሕን ክንወስኸሉን ከዕብዮን ሃገራውን ሕብረተሰባውን ግቡእና እዩ።

ኣብ'ዚ ሓሳብ'ዚ "ስለምንታይ ምሕያል ወፍሪ ኣብ ቈልዑ?" ዝብል ሕቶ ከልዕል መሰረታዊ እዩ። ከም'ቲ ኣብ ኣሉ ዝተገልጸ፡ ቈልዑ ካብ ግዜ ህጻንነቶም ጀሚሮም ብምውህሃድ ናይ ስድራቤት ኮምን ትካላት መንግስትን ዝቐየድ ብቑዕ ምሕብሓብ፡ ኣቓልቦ፡ ሓልዮት፡ ዕድላት ትምህርትን ክንክንን ጥዕናን ካልእ እኹል ወፍርን የድልዮም። ብኣኡ ደረጃ ቈልዑ ኣካላዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራዊ፡ መንፈሳዊ ዕብየቶምን ምዕባሌኦምን ተሓልዩሎም ዝተማልአ ሓላፍነታውያን ኣፍረይቲ ዜጋታት እንተኾይኖም፡ እምነትርናዕ ናይ'ታ ንሓልማ ብልጽግቲ ሃገርን ሰልጡን ሕብረተሰብን ክኾኑ ከምዝኽእሉ ምግንዛብ የድሊ።

ብሳልሳይ ደረጃ ኣብ ሃገርና ዝተኸሰቱን ዝኸስቱ ዘለዉን ዝተፈላለዩ ከም ድኽነት፡ ኩናት፡ ተመሓላለፍቲ ሕማማት፡ ፍትሕን፡ ድሕር ኣተሓሳስባን ጉዳእቲ ልምድታትን ወዘተ ዝኣመሰሉ ጸገማት፡ ኣብ ቈልዑ ከም ዝኸትምና፡ ተናባይነት ጉድና፡ ግዳም ሓደርነት፡ ኣብ ሰንከላን ቈልዑ ተዃሺሎ፡ ኣብ ንኣሽቱ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ዘይምዕሩይ ኣጠቓቕማ ዕድላት ትምህርቲ ክስዕብ ስለዝኽእል ደቅና በዞም ጸገማት እዚኣቶም ብኣሉታ ተጸልዮም፡ ርእሶተኣማንነት ዝጐደሎም፡ ብናይ መንነት ቅልውላው ዝሳቐዩ፡ ማሕበረ ስነ-ኣእምሮኣዊ ዕብየቶም ዝተዛናበለ ኮይኖም ንኸይዓብዩ፡ ወፍርና ክሕይል ኣለዎ።

ከም ራብዓይ ድማ ሎሚ ዓለም ብቴክኖሎጂ ተሓንቢባ ናብ ሓንቲ ቁሸት ተቐይራ ኣብ ዘላትሉ ዘመን፡ ቈልዑ ሰኣን ዝቈጻጸሮም ምስ ሞባይላትን ዝተፈላለዩ ቻነላትን እናወዓሉ፡ ምስ ጸዩቓት መዛኑ እናኸዱ ግዳያት ናይ ኣሉታዊ ጽልዋታት ዓውሎ ማ ኮይኖም ኣብ ጉዳእቲ ወልፍታት ማስተን ሽጋራን ካልኦት ሓሸሻትን ንኸይዋፈሩ፡ ምሕያል ወፍሪ ቈልዑ ግዜኡ ዝጠልቦ ጉዳይ እዩ።

"እዚ ካብ ኮሳ እንታይ ዓይነት ወፍርታት ኢና ክንገብር ዘለና" ኢልና ምስ እንሓትት ከም ደረጃኡ ስድራቤታዊ፡ ኮማዊ፡ ሕብረተሰባዊ ወፍርታት ኢልና ኣብ ሰለስተ ክንከፍሎም ንኽእል። ኣብ ስድራቤታዊ ወፍርታት እንተመጺእና ብዙሓት ወፍርታት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ገለ ካብኡቶም ምስ እንርኢ ቀዳማይ ናይ ግዜ ወፍሪ እዩ። ናይ ግዜ ወፍሪ ክበሃል ከሎ ንደቅና እንህቦ ግዜ ክሳዕ ክንደይ እዩ? እዚ ድማ ገና ካብ ህጻንነቶም ጀሚሩ ክሳዕ ጉብዝናኦም ምስኦቶም ብምህላው እኣስተማቕሮ ግዜ ክንደይ እዩ፡ ካብ መዛኑኦም ሓደጋ ዝመጽኡ ጸቡቕ ነገር ንኸየጋዕብልዎ ብኣንጻሩ ሓደጋ ዝመጽኡ ሕማቕ ነገር ድማ ብኣጋኡ ካብ ልቦም ንኽድምስስዎ ክንደይ ግዜ ብምሃብ ንከታተሎም? ኣብ ገዛ ኮፍ ኣብ ዝበሉሉ እዋን ንዓኣቶም ዘይምጥን ቪድዮታት ብሞባይል ይኹን ብቴለቪዥን ከይርእዩ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ብምሃብ ንቈጻጸር? እዝን ካልእን ዝኣመሰሉ ሕቶታት ብግቡእ ንኽንምልሱ ኣብ ደቅና ዘለና ናይ ግዜ ወፍሪ ክሕይልን ክበርትዕን ኣሎም።

ብኻልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ስድራቤታዊ ወፍሪ ድማ ናይ ትምህርቲ ወፍሪ እዩ። ትምህርቲ ክበሃል ከሎ ኑቲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝወሃብ ስሩዕ ትምህርቲ ጥራይ ዝውክል ኣይኮነን። ኣብ ርእሲኡ ዝገደፍና ጉዳያትና ንደቅና ተወሳኺ ትምህርታዊ ሓገዝ ንገብርዶ? ጥራዛውቶም ብግቡእ ንከታተል'ዶ? ጉድኒ ጉድኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ንሕልናኦምን መንፈሶምን ዘሐይል ብዛዕባ ሰናይ ግብረ፡ ከም ፍቕሪ፡ ሰጋይ ሰጋኻ፡ ጽግዓት፡ ኣሱላኑ፡ ምኽባር ዓበይቲ ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ክብርታት ሕብረተሰብ ንምህርዎም'ዶ? ብተወሳኺ ናይ ባህሪ ለውጢ ንኽገብሩ ናይ ንቡዑ ስራሕ ጉዱ ጸረራ፡ ሞያዊ ክእለታት ወዘተ ብዝገብረ ንምህርዎምን ነምህርዎምን'ዶ? ዝኣቶም ብምምሳስ ትምህርታዊ ወፍርታትና ከሐይል ኣጉዳሲ እዩ።

ብሳልሳይ ዝርአ ስድራቤታዊ ወፍሪ ድማ ናይ ኣመጋግባ ወፍሪ እዩ። ኣብ ኣመጋግባ ንውላዱ ዝበቕቕ ወላዲ ኣሎ'ኳ እንተዘይተባህለ "ኩሉ ብንቕሓት ይግበር ኣሎ" ኢልካ ክትዛረብ ግና ኣጸጋሚ እዩ። ኣብ ኣመጋግባ እንተመጺእካ ቈልዑ ንኣእምሮኦም ዝሃንጽ ዝተመጣጠነ ኣመጋግባ የድልዮም። ዝተመጣጠነ ኣመጋግባ ድማ ንዛብታማት ጥራይ ዝምልከት፡ ርኹባት ጥራይ ዝዑብርዎ ስርዓት ኣመጋግባ ገይርካ ምርዳእ ሓደ ካብ'ቶም ንደቅና ናይ ኣመጋግባ ወፍሪ ንኸንገብረሎም ዝዕንቅጹና ዘይምንቃሕ ዝማባየስኦም ማሕንቖታት እዩ። ዝተመጣጠነ ኣመጋግባ ክበሃል ከሎ ኑታ ዘላትካ ፊናንሳያዊ ጸጋ ብምጥቃም፡ ግዜን ኩነታትን እናረኣኻ፡ ዓቐንን ዓይነትን እናመርመርካን እናኣመዛዘንካን ንኣካላትካ ዘድልዮ መኣዛ ክትቕርቦሉ ከለኻ እዩ። ናብ ኣመጋግባ ወፍርታትና ንምምርማር፡ "ንደቅና ኣብ ግዜ ቑርሲያት በዮላት ተረኽበ እናበልና ሰጋ ጥራይ ዲና ንምግቦም? ኣብ ካልኦት መዓልታትከ ከመይ? ፍሩታ ኣብ እንገዝኣሉ እዋናት ደቅና ብሓደ መዓልቲ ክሳዕ ዝጸግቡ ዘድልዮም ንኽበልዑ ዲና ንተባብዖም ወይስ እታ ተድልዮም ንእሽቶ ንመዓልቲ እናወሰዱ መኣዛዊ ትሕዝቶ ውሽጦም ንኽሕልዉ? ደቅና ሽኮራዊ ነገር ብምእዛዞም ክሳዕ ንሕማማት ሽኮርያን ቃንዛ ኩርምትን ምብፅሳሕ ሰንን ዝቃልዑ ዲና ቀበጥበጥ ኑብሎም ወይስ ብዮቓንን ጥንቃቐን ዘድልዮም ንህቦም? ስለዚ ኣመጋግባ ኣገዳሲ ኣጉዳሲ ኩርናዕ ዕቤት ቈልዑ ምዃኑ ብምግንዛብ ምስ ክኢላታት እናተማዘዝና ኣብ ደቅና ክንወፍር ኣሎና።

ከም ራብዓይ ድማ ናይ ምዘናጋዕን ምዝዋርን ወፍሪ ክጥቀስ ይከኣል። ቈልዑ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ብመጽናዕቲ ተዳኺሞም ድሕሪ ምቕናዮም መጠናዊ ዝኾነ፡ ምስ ዓቕሚ ስድራቤት ዝኸይድ ናይ ምዝንጋዕን ምዝዋርን ወፍሪ ምግባር'ውን ርእሱ ዝኸኣለ ኣገዳስነት ኣሎዎ። ከም ኣብነት፡ ኣብ ግዜ ሃገራውያንን ሃይማኖታውያንን በዓላት ብደረጃ ስድራቤት ተኣኪብካ ምጽምባልን ናብ እንዳ ዘመድ ምብጻሕን፡ ንቈልዑ ክምህሩን ከዘናግዑን ኣብ ዝኽእሉ ከም ቤተ-መዘክር፡ መካ እንስሳታት ወዘተ ዝኣመሰሉ ቦታታት ምዝዋር፡ ንቈልዑ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክገብሩሉ ኣብ ዝኽእሉ ጸወታታት ብመደብ ንኽስተፋ ምትብባዕ ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ስድራቤታዊ ወፍርታት ኣብ ቦታኡ እናሃለወ ብደረጃ ኮምን ሕብረተሰብን ክሕይሉ ዘለዎም ወፍርታት'ውን ኣለዉ። ትካላት መንግስቲ ዝለወን ደናት ጸጋታት ኣረብሒን ቈልዑ ምዕሩይ ዕድላት ትምህርትን ጥዕናን ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ንኸረኽቡ ኣብ ዝጽዕሩሉ ግዜ ኮምን ሕብረተሰብን ደቆም ተኻፈልቲ ናይ'ዚ ዕድላት ንኽኾኑ ምትብባዕ፡ ብኸለን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዝወሃብ መምርሒ ብምኽታል ድማ መሻርኽቲ ናይ'ዘን ትካላት ብምዃን ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ጽሬት፡ ስነምግባር ደቆም ኣብ ምሕላው ዓቢ ወፍሪ ክገብራ ግቡኣን እዩ። ገለ ካብ'ቲ ወፍርታት ድማ ንጸገማትን በተኻትን ስድራቤታት ኮማዊ ጸጋታት ብምውህሃድ ብኸሉ ዝሕገዙሉ መገድታት ብምፍጣር ኣመት ደቀን ንኽገብራ ብምትብባዕ ንሓዋሩ ዝኸውን ዘላቒ ፍታሕ ዘምጽእ መተኣዝም ክፈጥራ ይግብኣ።

ኣብ ሕብረተሰብ ንዘሎው ምስ መሰላት ቈልዑ ዝጸረሩ ጉዳእቲ ልምድታት ብምጉዳል ብሉጻት ቈልዑ ከፍርን ከም'ቲ "ክልሰ ሓሳብ ኣብ ሓፋሽ ምስ ዝሰርጽ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ይቕየር" ዝበሃል፡ ኩለን ዝምልከተን ትካላት ብመሰረት ሕጋጋት ሃገርና ኣብ መሰላት ቈልዑ ኣመልኪተን ሓደ ዝተወሃሃደ ስራሕን ተኸታታልን ገሰጋስ ንሓፋሽ ህዝቢ ከንቅሓን ክውድባን ኣጉዳሲ ይኸውን። ኮምን ሕብረተሰብን ንቈልዑ ግዜኦም ንኽጥቀሙ ዘኽእሎም ኮማዊ ኣብያተ ንባብ፡ ናይ ስፖርት መደባት፡ ሓብራዊ ናይ ማእቶትን ግብረሰናያዊ ወፈራታትን እናወደበ ኣብ ባህርያት ቈልዑ ምስ ዘውፍር ኣብ ቈልዑ ዓቢይ ናይ ባህሪ ለውጢ ክምጽእ ይኽእል እዩ። ኣብ መውዳእታ ንቈልዑ ዘዕንዉ ምስ ሰርቅን ክትራንን ዝተሓላለዙ ተርእዮታት ንምጥፋእ፡ ጸዩቓን ዘደሊን ቪድዮታት ዝዘርግሓ ትካላት ኣብ ምግታእ፡ ንጥዕና ቈልዑ ኣብ ዝሃሲ ጉዳእቲ ልምድታት ንዘተዋፈሩ ሰባት ኣብ ሕጊ ኣብ ምቕራብ ኮምን ሕብረተሰብን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት እናተሓባበረ ምስ ዝሰርሕ እዚ'ውን ዓቢ ወፍሪ እዩ።

ኣብ መጠቓለሊ፡ ኣብ ቈልዑ ዝግበር ዝተወሃሃደ ወፍሪ በብግዜኡ እንተሓይሉ፡ ኣብ መጻኢ ኤርትራ ብመንነቶምን መበቆሎምን ዝሕበኑን ዝጸዓቱን ቈልዑ ፈርዮም፡ ነታ እንሓልማ ብልጽግቲ ሃገር ክንፈጥር ምሉእ ተኽእሎ ምህላዉ ምግንዛብ ይግባእ። ካብ'ዞም ዝተጠቕሱ ዝጠዝሉ ካልኦት ዘይተጠቕሱ ክሕይሉ ዘለዎም ምስ ቈልዑ ዝተኣሳሰሩ ወፍርታት ኣብ ልቢ ኣንበብቲ ከምዝሎ እናተኣማመንና፡ ኣንበብቲ ኣብ ቤቶም፡ ኣብ ቦታ ስርሖም ወዘተ ተገዲሶም ብዛዕባ እዚ ኣብሊጾም እናንበቡን እናንቕሑን ንኻልኦት እናንቕሑን ክኸዱ፡ ምስ'ዚ ኣርእስቲ ዝተሓላለዙ ኣርእስትታት እናልዓሉ ንሓድሕዶም ክበሃሃሉ ንምሕጻን፡ እቲ ምንታይ፡ ምሕያል ወፍሪ ኣብ ቈልዑ ምሕያል ሕብረተሰብ ስለዝኾነ።

ፍዮሪ መሓሪ (ጓል መሓሪ)
ጨ/ድ/ቈልዑን ስድራቤትን







# ኣንከሮ

ማርታ ክብሮም


## ምምላጥ ካብ ደሴት ኣልካትራዝ

ኣብታ ካብ ሳን ፍራንሲስኮ 3 ኪሎ ሜተር ርሒቓ ትርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ዝነበራ ኣልካትራዝ ዝተባህለት ደሴት፡ ብጽኑዕ ዝሕሎ ዓቢ ቤት ማእሰርቲ ነበረ። እዚ ቤት ማእሰርቲ ‘ከውሒ’ ብዝብል ቅጽል ስም እዩ ዝፍለጥ። ምኽንያቱ ካብዚ ከተምልጥ ፈጺምካ ዝሕሰብ ኣይነበረን። ቤት ማእሰርቲ ከቢብዎ ዘሎ ማያዊ ኣካል ኩሉ ግዜ ካብ 48-54 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዝበጽሕ መቚት ነበሮ ከምኡ’ውን ልዑል ኤለክትራዊ ጸዓት ነበሮ።

ምስ ግዜ ገለ ክፋላት ናይዚ ቤት ማእሰርቲ እርጋን ኪጋጥሞ እኳ እንተጀመረ ንመዕረዩኡ ኢሉ ዝወጽእ ገንዘብ ኣዝዩ ውሱን እዩ ነይሩ። እዚ ድማ ንክላረንስ ኣንግሊን፡ ጆን ኣንግሊን፡ ፍራንክ ሞሪስን ንኽምልጡ ዕድል ከፊቱሎም እዩ።

ኣለን ዌስት ዝተባህለ እሱር፡ ንሓደ ንሕልፈት ተፈሪዱ ዝነበረ ፍራንክ ሞሪስ ዝተባህለ እሱር ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ንኽወጽእ ካብ መጀመርታ 1960 ኣትሒዙ ውጥን ሓንጺጹ ከምዝነበረ ተፈልጠ። ኣብ’ቲ ግዜ፡ ዌስት ምስ ኣቦላት ጸገና እቲ ቤት ማእሰርቲ ክሰርሕ ዕድል ረኺቡ ነበረ። ስለዚ ንኣሰራርሓን ድኻምነትን ናይቲ ህንጻ ከጽንዖ ከኣለ። ዌስት ኣብ ብሎክ ‘ቢ’ ዝነበረት ሓንቲ ክፍሊ ከምተን ካልኦት ክፍልታት ላዕለዋይ ክፋላ ብኮንክሪት ከምዘይተሰርሐት ይፈልጥ ነይሩ። ስለዚ እዚ ሓቂ እንተኾይኑ ካብታ ክፍሊ ብላዕሊ ወጺኡ ከምልጥ ይኽእል እዩ ማለት’ዩ።

ኣብ መስከረም 1961፡ ክልተ ኣሓት ደቂ ኣንግሊን፡ ጆን፡ ክላረንስ፡ ሞሪስን ዌስትን ካብቲ ዝነበርዎ ክፍሊ ናብ ካልእ ክቕየሩ ጠሊቦም ኣቕረቡ፡ ስለዚ ኣብ ብሎክ ‘ቢ’ ጎድኒንጎድኒ ኣብ ዘለዋ ብዙሕ ሓለዋ ኣብ ዘይብለን ክፍልታት ገዓዙ።



ውጥን ምምላጥ ብልሓት ዝመልኦን ዝተራቐቐን መደብ እዩ ነይሩ። መጀመርታ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ሃዲሞም ናብ ሳን ፍራንሲስኮ ክሳብ ዝበጽሑ ኣቦላት ሓለዋ መታን ከየርከብዎም ሓደ ነገር ክቡኣሉ ነይሩዎም። ስለዚ ብኮንክሪት፡ ፕላስተር፡ ሳሙናን ጸጉሪ ሰብን ሓዊሶም ካብ ክሳድ ንላዕሊ ዘሎ ገጽ ሰብ ዝመስል ብምስራሕ ቀኑብ ኣቐልቂል ኣብሎም ኣብ ዓራቶም ኣቐመጥዎ። እዚ ሰዓት 7 ንግሆ ደወል ምስ ተደወለት ኑዩም እሱራት ክርእይዎም ዝመጽኡ ኣቦላት ሓለዋ ንምድንጋር ተባሂሉ ዝተገብረ እዩ።

ኣቦላት ሓለዋ ኣብ ሰዓቶም ንሓንቲ ክፍሊ ከፊቶም፡ ደቂሶም ከምዘለዉ ኣረጋጊጾም ድማ ዓጸውዋ። ሓደ ካልእ ኣብሊ ግና ናብታ ሞሪስ ተኣሲሩላ ዝነበረ ሽላ ብምምጻእ ኑቲ ኣብ ዓራት ዝነበረ ምስሊ ተንኪፍዎ ምስ ወደቐ ሓደ ነገር ከምዝገጠሞ ክርድኡ ከኣለ።

ክሳብ ሎሚ ዚ ንምድንጋር ተባሂሉ ዝተሰርሐ ሓሳብ መን ከምዝጠኖ እኳ እንተዘይተፈልጠ፡ ክላረንስ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ከም ቀምቃማይ ኮይኑ ይሰርሕ ብምንባሩ ጸጉሪ ክረኽብ ዕድል ስለዝነበሮ ንሱ ኣጠርዮ ክኸውን ከምዝኽእል ግና ግምታት ኣሎ።

ኩሎም ተኣሰርምሉ ዝነበሩ ሽላታት፡ ኣብ መንደቕ ንጎድኒ ዝተተኽለ መዝሓሊ ሽንቲለሽን ነበሮ። ስለዚ ንኣዋርሕ፡ በቲ መዝሓሊ ዝነበሮ ቦታ ብማንካ ተጠቒሞም እናፈሓሩ ኣሕለፍዎ። እዞም እሱራት ኑቲ ናይ ጎድኒ ክፋል ናይ ሽልኦም ንኽፍሕሩ ካብ ኣፍልቦም ንላዕሊ እዮም ዝወጹ ነይሮም። ፍሒሮም ምስ ወድኡ ድማ ክሳብ እታ መዓልቲ እትኣክል መታን እቶም ኣቦላት ሓለዋ ከይረኽብዎም ብመሳርሒ መዚቓታቶም ወይ ድማ ብጦቦታት ገይሮም ይሽፍንዎ ነይሮም።

ዌስት ከም ኣብሊ ጽገና ኮይኑ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ግዜ፡ ርጉዲ እቲ መንደቕ ብዘዋዓኡ ስለዝጸንዐ፡ ኩሎም ንኺ ተላጊበን ኣብ ዝነበራ ክፍልታት ተኣሰርም ስለዝነበሩ ፍሒርም ንሓድሕዶም ክራኸቡ ከምዝኽእሉ ኣስተውዓሉ።

ኑቲ ዝሰንዕዎ ኣራእስ ኣኣብ ዓራቶም ምስ ኣቐመጥዎ ካብቲ ከተምልጠሉ ዘይትኽእል ቤት ማእሰርቲ ንምምላጥ ተበገሱ።


ብመጉዲ እዚ ዝፈሓርዎ ነኳላት ኣብ ሓደ ምስ ተኣከቡ፡ ናብ ላዕለዋይ ክፋል እቲ ቤት ማእሰርቲ ክወጹ እዮም። ወላ’ኳ ዚ ናይ ምምላጥ ሓሳብ ዌስት እንተኣብጸሖ ንሱ ግና እቲ ናቱ መንደቕ ብዘዋዓኡ ምፍሓር ስለዘኣበዮ ምስኦም ክሃድም ኣይከኣለን።

ክኑብ ዝነበርዎ ሽላታት ምስ ወጹ፡ ኑቲ ድልዳል ሓጹር ቤት ማእሰርትን ባሕርን ብኸመይ እዮም ክሰግርዎ ዶ ትብሉ ኣለኹም? በቲ ምስ ሓጹር ለገቡ ዝነበረ በርኽ ሻንበቆ ማይ ሓኺሮም ንደገ ክወጹ ከኣሉ።

ኣቦላት እቲ ቤት ማእሰርቲ ሰዓት 10፡30 ምሸት ድምጺ ከምዝሰምዑ፡ እንተኾነ እሱራት ከምልጡ ይኽእሉ እዮም ኢሎም ስለዘይሓሰቡ ከረጋግጹ ኢሎም ንደገ ከምዝይወጹ እዮም ገሊጾም። ኑቲ 15 ጫማ ቁመት ዝነበሮ ሓጹር ምስ ሰገሩ ኣንፈቶም ናብ ሰሜናዊ ክፋል እዮም ገይሮም።

ኑቲ ባሕሪ ንኽሰግርዎ ድማ ብዙሕ ካብ ፕላስቲክ ዝተሰርሐ ጃኬት (raincoat) ናይ’ቲ ቤት ማእሰርቲ ኣከቢም ንእሹተይ ጃልባ መሳሊት ሰሪሖም ነበሩ። ዚ ንኽሰርሑ ከባቢ 50 ፕላስቲካዊ ጃኬት እዮም ተጠቒሞም።

እሱራት ከምዝሃደሙ ምስ ተፈልጠ፡ ደሴት ኣልካትራዝ ኣብ ከቢድ ሓለዋ ብምእታው ኑዩም እሱራት ንምርካብ ጸዑቕ ተፍትሻ ከካይዱ ጀመሩ። ኣቦላት ሓለዋ ንኹሉ’ቲ ኣቶም እሱራት ዝፈሓሩዎ ጉድጓዳትን ኑቲ ሓጹር ብኸመይ ከምዝሓለፉዎምን ረኺቦም። ኤፍቢኣይ ምስ ኣቦላት ላዕለዋይ ቤት ጽሕፈትን እሱራትን ብምዃን ኣብ መላእ እቲ ከባቢ ሰፊሕ መስርሕ ምድላይ እኳ እንተ ኣካየዱ፡ ኑዩም እሱራትን ጃልባኦምን ግና ክሳብ ሎሚ ክረኽብዎም ኣይከኣሉን።




## ቀቢላ ኣኽራናት

እዞም ኣብ ኣኽራናት ዝርከቡ ቀቢላታት ካብ ቻይና፡ ማይንማርን ላኦስን ናብ ሰሜናዊ ታይላንድ ዝተጓዕዙ ኣህዛብ እዮም። ኣብ በረኽቲ ንቦታት ታይላንድ ክቕመጡ ድሕሪ ምጅማሮም ድማ ንኹሎም ‘ቀቢላ ኣኽራናት’ ኢሎም ክጽውዕዎ ጀመሩ። እዞም ኣብ ዝተፈላለዩ ኣኽራናት ታይላንድ ዝቕመጡ ህዝቢ ሽውዓተ ዓሌት እዮም።

ነፍሲ ወከፍ ቀቢላ ድማ ናታ ቋንቋ፡ ባህልን ወግዕን ትውንን። እዞም ጉጅለ ቀቢላታት ሊሱ፡ ሚን፡ ካረን፡ ህሞንግ፡ ኣኻ ከምኡ’ውን ላሁ ይበሃሉ።

ሊሱ፦ ኣብ ኣኽራናት ሰሜናዊ ታይላንድ ዝነብሩ ኮይኖም መበቆሎም ካብ ሰሜናዊ ቻይና - ቲበት እዩ። ከም ህዝቢ ኣብ 1959 ብወግዒ ተቐባልነት ረኺቦም። 4.5 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቢ ቀቢላ ኣኽራናት ይሽፍኑ። ሓደ ካብቶም ባህሎምን መንነቶምን ዓቂቦም ዝሓዙ ዘለዉ ኣህዛብ’ውን እዮም። ሊሱ ብኽልተ ጉጅለታት ፍላወር ሊሱን ብላክ ሊሱን ዝበሃሉ ጉጅለታት ዝቖሙ እዮም። ደቂ ኣንስትዮ ሊሱ ብሕብርታት ዝጌጸ ነዊሕ ቀሚሽ ክኽደና ከለዋ፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ክሳብ እግሮም ዝበጽሕ ነዊሕ ክዳን ይኽደኑ። ህዝቢ ሊሱ ሰዓብቲ እምነት



ክርስትና እዮም።

ሚን፦ ቀደማ ኣማኢት ዓመታት ካብ ቻይና ዝመጽኡ እዮም። ቋንቋኦም ካብ ሰኖ - ቲበታን ኮይኑ ህሞንግ-ሚን ይበሃል። እንተኾነ እዚ ቋንቋ ንመዘራረቢ ጥራይ እምበር ንምጽሓፍ ዝኸውን ቃል የብሉን። ብጽሑፍ ክረዳድኡ ኣብ ዘድልዩሉ ግዜ ካብ ቋንቋ ሃገሮም ቃላት ተጠቒሞም እዮም ዝጽሕፉ። ደቂ ኣንስትዮ ሚን ብዝተጉበርአ ክዳውንቲ ከተሰልየን ኣይትጽግዖምን ቀጻሊ ጸሊም ካምቻን ሽራጥ ዘለዎ ስረን ይኽደና፡ ቀይሕ ኣዕናቕ’ውን ካብ ክሳደን ኣይፈልያን።

ፓላንግ፦ ቀቢላ ፓላንግ ካብ ማይንማር ናብ ታይላንድ ዝተሰደዱ ምኽንያት፡ ካብቲ ወተሃደራት በርማ ኣብ ልዕሊኦም ዘውርድዎ ዝነበሩ ግፍዒ ንምህዳም እዩ። ኩሎም ኣባላት እዚ ቀቢላ ቀይሕ ክዳን ምኽዳን የዘውትሩ።

ካረን፦ ካብ ቀቢላ ኣኽራናት እቶም ዝበዝሐ ቁጽሪ ዝሸፍኑ እዮም። ካረን ኣርባዕተ ብሄራት እዮም። ስጋው፡ ፖ፡ ፓኦ ከምኡ’ውን ኪያህ ይበሃሉ። ሎሚ ቀቢላ ካረን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባታት ታይላንድ ኣብ ዝርከብ ዓድታት ፋሕ ኢሎም ዝነብሩ ዘለዉ እዮም።

ህሞንግ፦ ካልኣይ ዝዓበየ ብዝሒ ህዝቢ ዘለዎም ቀቢላ እዮም። መበቆሎም ካብ ቻይና ኮይኑ ሎሚ ድማ ኣብ ምያንማር፡ ላኦስን ቬትናምን ይነብሩ ኣለዉ። እዞም ቀቢላ ብስርሓት ርኺያሞ፡ ካብ ጽሕጊ ገመድ ምስራሕ፡ ናይ ኢድ ዓለባን (batik techniques) እዮም ዝፍለጡ። ብሓፈሻ ክርአ ከሎ ቀቢላ ህሞንግ ካብ ኩሎም ቀቢላታት ኣኽራናት ኣብ ንግዲ ዓለም ጸቡቕ ገሲጋስ ዘርእዩ ዘለዉን ዝዀብተሙን እዮም።

ኣኻ፦ ቀቢላ ኣኻ ናብ ታይላንድ ኣብ መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመን እዮም መጺኦም። ኣብ መንፈሳዊ ነገራት እኹዮም እዮም ዝጸቕጡ። መንፈሳዊ ዓለምን ስጋዊ ዓለምን ዝበሃል ክልተ ዓለም ከምዝሎ ድማ ይገልጹ።

ላሁ፦ ኣብ ሃደን ፍልይ ዝበለ ጥበበን ክእለትን ይውንኑ። ቀያሕቲ ላሁ፡ ብጫ ላሁ፡ ጸለምቲ ላሁ፡ ጸዓዱ ላሁን ሸለህ ላሁን ተባሂሎም ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለታት ይምቀሉ። ጸለምቲ ላሁ 80 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ የቖሙ። ደቂ ኣንስትዮ ላሁ ቀይሕ ወይ ጸሊም ጃኬት ክለብሳ ከለዋ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ቀጠልያ ወይ ሰማያዊ ስረ ይኽደኑ።

## ኣጋጣሚዶ ትብልዎ?

ወዲ ንኣብርሃም ሊንከን ዝኾነ ሮበርት፡ ክልተ ፕረዚደንትታት ተቐንጺሎም ህይወቶም ክትሓልፍ ከላ ምስኦም ዝነበረ እዩ። ኣብ 1865 ኣቦኡ ኣብ ዝተቐንጸለሉ ለይቲ፡ ሮበርት ናብ ፎርድ ዝተባህለ ለይታዊ ትልሂት ንክቐርብሉ ዕድመ ነጺግዎ ነበረ። ንጽባሒቱ ኣቦኡ ክመውት ከሎ ድማ ምስኡ ነበረ። ኣብ 1881፡ ሮበርት ከም ጸሓፊ ኮይኑ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ግዜ መግለጺ ፖን ኣመራጸን ንኽሰምዕ ናብ በዓሎ ተጓዕዘ፡ ኣብኡ ምስ በጽሐ፡ ፕረዚደንት ዊልያም ማክንለይ ከምዝተተኮሰሉ ተነግሮ። ሮበርት ድማ እቲ ፕረዚደንት ኣብ ሆስፒታል ተዓቚብሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ ክርእዮ ዕድል ረኺቡ። ኣብ ደሓን ኩነታት ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ግና ድሕሪ ሰሙን ብዝነደቦት ሞተ። ድሕሪ ገለ ግዜ፡ ንሮበርት ኣብ ከተማ ጀርሲ ሓደጋ ኣጋጠሞ። ህይወቱ ግና ብሓደ ኣብቲ ግዜ ህቡብ ተዋሳኢ ዝነበረ ኤድዊን በዝ ዝተባህለ ሰብ እያ ድሒና። እዚ ህይወት ሮበርት ዘድሓኑ ሓዉ ኑቲ ንኣቦ ሮበርት - ፕረዚደንት ኣብርሃም ሊንከን ዝቐተለ እዩ ነይሩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ቴድሮስ ሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ቴድሮስ ዕቑባሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ መዓሾ ፍትዊ ንገሰን ተኸሳሲቲ ወረ/ፍ ዘርኡ ይመስገን ገብረስላሴን ዘሎ ናይ ገዝዘብ ክርክር ጉዳይ፡ ኣብ ተኸሳሲቲ 1. ሰሃይት ዘርኡ 2. ኣንገሶም ዘርኡ 3. ኮኾብ ዘርኡ 4. ተመስገን ዘርኡ 5. ኣብርሃም ዘርኡ 6. ኣልኣዛር ዘርኡ ዝተባህሉ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ. 37 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ዝማም ተወልደ የሃንስ፡ ተጸዋዕቲ 1. ብርሃ ሃይለ 2. ሳባ የማን 3. ሰለማዊት የማን ንዓኹም ዝምልከት ናይ ሞግዚትነት ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ፍጹም ሰለሙን፡ ወላዲትና ናይ ከበቢ ቀሓውታ ኮድ 1A719 ዝፍለጥ ኣብ 250 ት/ሜ ዝተደኮነ ሺላ ዝዓይነቱ መንበሪ ገዛ ስፍሓት 107.27 ፕሎት 59 ፓርስል ዞን ASP 00012978 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ከምኡ'ውን ኣብ ባንክ ኤርትራ ዝርከብ ገንዘብን ብለቦዋ ስለ ዝበደፈትልና ክጸድቀልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሐርያ ኣሕመድዒድ ምባል ተሪፉ፡ ሐርያ ኣሕመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ግደ ኣስፋሃ በራኺ፡ ተጸዋዒ ወ/ረ/ ነፍ እዝጊሄርያ ሃይለ ሰቑር 1. ኣቶ በርሀ ኣስፍሃ በራኺ 2. ወ/ሮ ኣሰካሉ ኣስፍሃ በራኺ 3. ኣቶ ሃብተ ኣስፍሃ በራኺ፣ ኑቲ ብሀያብ ዝተወሃበኒ ወሃብቶ ካብ ኣዴና ነፍ/እዝጊሄርያ ሃይለ መሬት ጤሳ ቁ/መዝ/ 000650 ብቁ/መለለዩ መሬት 0503 ጉዱ እዚ ብስማ ዘሎ ገዛ ናብ ስመይ ክሰጋገረለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ሓዳስ በራኺ፡ ኣደይ ነፍ/ሄር ግምጃ ተስፋይ በራኺ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ሰለሙን ገብረዝጊኣብሄር መኸረ ምባል ተሪፉ፡ ሰለሙን ገብረዝጊኣብሄር መኸረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰሚራ መሓመድ ዓብደልዋህብ ምባል ተሪፉ፡ ሰሚራ መሐመድ ሓሰስ ዓብደልዋሃብ ጣሀር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሚልየን ኣሰፋው ተኸሲ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዳኒኤል ከሱተ መርሃጽዮን፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ሉተብርሃን ኣስመላሽ፡ ኣዴና እምባፍራሽ ጸጋይ ሰርጁ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሽቃ ኣረፈ ነጋሽ ምባል ተሪፉ፡ በላይ ኣረፈ ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ከሮስ ገብረስላሴን ተኸሰስቲ 1. ኣቶ ፍጹም ኣብርሃ 2. ወ/ፍ/ት ሉተብርሃን ኪዳነ ብናይ ሲቪል ጉዳይ ተኸሲስኩም ስለ ዘለኹም፡ ተኸሰስቲ ቁ/2 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ዑቕባ ልብሱ ዑቕባጋብር፡ ስም ኣደይ ኣበባ ባርያሚካኤል ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሉተብርሃን ሓይለኣብ ድራር፡ ወለደይ ሓይለኣብ ድራር ወልደኣብን እሙናጼን ቀሺ ክፍለዝጊን ስለ ዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የሴፍ ኣብርሃም ሰመረ፡ ወለደይ ኣብርሃም ሰመረ ወልደዝጊን ሳራ ክፍለሚካኤል ወልደገርግሽን ስለ ዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ከሳሲ ኣቶ ገብረሂወት ሃይለ ገብረእንድርያስ፡ ተኸሳሲት ኣብርሀት ፍስሃጽ ጭማር፡ ብዓል ቤትኪ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኺ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ትርሓስ በርሀ ኣብይ፡ ተጸዋዕቲ ወረስቲ ነ/ሄር ስእላይ በርሀ ጋምዜይ ኣቶ ተ/ማርያም ስእላይ በርሀ ገምዜይ፡ ክልተ ክፍሊ ገዛ ቤት መግዐበን ማስተን፡ ሓደ ክፍሊ ገዛ ድኳን ናይ ሃለኽቲ መግዐበን ጸርየት ኣቑሒትን ብስሙ ፍቓድ ንግዲ ሊቸንሳ ኣውጺኡሉ ክጥቀመሉ ኣብ ገዝና ስለ ዝጸንሐ፡ ሕጂ ኣነ እዚ ሊቸንሳ ምሕዳስ ስለ ዝጀመረ ወረስቲ ሊቸንሳ ክሐድሱ ስለ ዘይክኣሉ፡ ብስም ኣቦኦም ዘሎ ካብ ትካለይ ክሰረዘለይ ወይ ክልዓለለይ፡ ኣነ መተካእታ ሓድሽ ሊቸንሳ ኣብ ገዛይ ከውጽእ ስለ ዝደለኹ ብስንኪ ናይ ወረስቲ ሊቸንሳ ዘይምሕዳሶም ገዛይ ስለ ዝተዓጸወ ወረስቲ ተጸዊዖም ሊቸንስኦም ክልዕሉ ወይ ውክልና ስልጣን ክህቡኒ ክስርዝ ኢላ ስለ ዘመልከተት፡ ተጸዋዕቲ ወረስቲ ን6/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

---

ኣመልካቲ ብርሃኑ ስራጅ መሓመድጣህር፡ ሕጋዊ ወራሲ ናይ ኣቦይ ነፍ/ስራጅ መሓመድ ጣህር ዩሱፍ ዝኾንኩ፡ ብስም መዋቲ ኣቦና እተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 8 ምም/02 ምህራም ጭራ ጎደና በ ነር ሓደሽ ጎደና ዝበን ከቲር ቁ. ገዛ 33 ቁ/ሎታ 63 ቁ/ፓርስል A ዝርከብ ተራ ገዛ ብቁ/ምስክር ወረቐት 102811 መወከሲ ቁጽሪ 104633 ብስም ኣቦና ዋንነቱ እተረጋገጸ ናብ ስም ወረስቲ ዋንነት ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኑታዮ ምዝገባ ንብረት ካዳስተር ይቕረብ፡፡ ኣብ'ዚ እተወሰነ ግዜ ዝኾነ ተቓውሞ ምስ ዘይቀርብ ግን ሰነዳት ኣቕሪብና ዋንነትና ከረጋግጽ ምዃንና ንሕብር፡፡

ብርሃኑ ስራጅ መሓመድጣህር

---

## ምልክታ ጨረታ

ትካል ኣሰቤኮ፡ ኣብ ጽላሉ ዝመሓደሩ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ንዓመት 2024 ንዝዓለው ቀሉብ እንቋቑሖ ንሓደ ዓመት ሰሙናዊ ከቕርቡ ንዘኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ኣውዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

1. ናይ 2020 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን መንነትን ፎቶ ኮፒ፡፡
2. ናይ 2023 ግብሪ ዝተኸፍለሉ ወረቐት ፎቶ ኮፒ፡፡
3. ነፍሲ ወከፍ ተጫራታይ መኽበሪ ጨረታ 10,000 ናቕፋ ብCPO የትሕዝ፡፡
4. ተጫረትቲ ዘቕረብዎ ዋጋታት ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቐርብ፡፡
5. ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣሰቤኮ ኩርባ እምባይቶ ይኽፈት፡፡
6. ናይ መወዳደሪ ቅጥዒ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣሰቤኮ መጺኦም ይወስዱ፡፡
7. ተወዳደርቲ ብዘለዎ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ጥራይ ዝወዳደር ይኾውን፡፡
8. ተዓዋታይ ንዝተዓወተሉ ቀረብ ዘዳልወሉ ተመሳሲ ዝኾውን ጽሬቱ ብዝሓለወ መትሓዚ ይኾውን፡፡
9. ኩሉ ዓይነት ቀረባት ቀዳማይ ደረጃ እንተዘይኮይኑ ተቐባልነት የብሉን፡፡
10. ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ እዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ትካል ኣሰቤኮ

---

## ማሕበር ሓረስቶት ኣፍረይቲ ንህቢ ዞባ ማእከል ኣስመራ (ቴለ. 110503)

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ማሕበር ሓረስቶት ኣፍረይቲ ንህዘቢ ዞባ ማእከል ሰራሕተኛ ኣውዳዲሩ ክቖጽር ስለ ዝደለየ፣ ዝም ዝስዕቡ መምዘኒታት ዘማልኡ ደለይቲ ስራሕ ሱዳቶም ሒዞም ክቐርቡ ይዕድም፡፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 (ዓሰርተ መዓልቲ) ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ፡፡

መደብ ስራሕ ኣካያዲ ስራሕ (Managaer)

1. ዝጥለብ ብቕዓት ኩሉ ዓይነት ንጥፈታት ምሕደራ ስራሕ ከምኡ'ውን ምክትታል ምድላውን ስሩዕ ሕሳባት ማሕበር

ደረጃ ትምህርቲ BA DEGREE IN MANAGEMENT/ACCOUNTING DIPLOMA

ተሞክሮ ስራሕ በኤ ዲግሪ ልዕሊ 3 ዓመት ዲፕሎማ ልዕሊ 5 ዓመት ናይ ስራሕ ተሞክሮ ዘለዎ/ዋ

ናይ ስራሕ ሰዓታት 8 ሰዓት (ሸሞንተ ሰዓት)

2. ጾታ ኣይፈልን
3. ደሞዝ ብስምምዕ
4. ዕድመ 25-55
5. ቦታ ስራሕ ኣስመራ
6. ሃገራዊ ግቡእ ሃገራዊ ግቡእ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ
7. ተወሳኺ ክእለት ናይ ኮምፕዩተር ምልከት ዘለዎ/ዋ Software ፒችትሪ
ኣካውንቲንግ ምልከት ዘለዎ/ዋ ከምኡ'ውን ተወሳኺ Software ዝመልኽ

ማሕበር ሓረስቶት ኣፍረይቲ ንህቢ ዞባ ማእከል

---

## ምልክታ ጨረታ

ትካል ኣሰቤኮ፡ ኣብ ጽላሉ ዝመሓደሩ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ንዓመት 2024 ንዝዓለው ቀሉብ ኣሕምልቲ ንሓደ ዓመት ሰሙናዊ ከቕርቡ ንዘኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ኣውዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

1. ናይ 2020 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን መንነትን ፎቶ ኮፒ፡፡
2. ናይ 2023 ግብሪ ዝተኸፍለሉ ወረቐት ፎቶ ኮፒ፡፡
3. ነፍሲ ወከፍ ተጫራታይ መኽበሪ ጨረታ 10,000 ናቕፋ ብCPO የትሕዝ፡፡
4. ተጫረትቲ ዘቕረብዎ ዋጋታት ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቐርብ፡፡
5. ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣሰቤኮ ኩርባ እምባይቶ ይኽፈት፡፡
6. ናይ መወዳደሪ ቅጥዒ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣሰቤኮ መጺኦም ይወስዱ፡፡
7. ተወዳደርቲ ብዘለዎ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ጥራይ ዝወዳደር ይኾውን፡፡
8. ተዓዋታይ ንዝተዓወተሉ ቀረብ ዘዳልወሉ ተመሳሲ ዝኾውን ጽሬቱ ብዝሓለወ መትሓዚ ይኾውን፡፡
9. ኩሉ ዓይነት ቀረባት ቀዳማይ ደረጃ እንተዘይኮይኑ ተቐባልነት የብሉን፡፡
10. ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ እዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ትካል ኣሰቤኮ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

厄特四川矿产建设有限公司
ERITREA-SICHUAN MINERAL CONSTRUCTION CORP. LTD.

## Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

**Position**: Coordinator
**Place of Work**: Emba Derho Site
**Required Number**: 01
**Contract Type**: Indefinite

1) **Major Duties and Responsibilities**

- Provide administrative and HR support for expats (mainly Chinese).
- Act as a contact point with headquarter in China, subcontractors and business partners.
- Build and implement corporate culture.
- Organize festival celebrations and team building activities.
- Be responsible for employee relationship management, including the preparation of employee handbook, on-boarding training, and the management of employee attendance, rotational leave, termination, welfare, labor contracts, labor disputes, mainly for expats.
- Make statistics and update of personnel information and rosters and report the statistical data and information of expats including subcontractors.
- Organize and attend contractor and subcontractors' meetings.
- Liaise with subcontractors for administrative and HR matters.
- Supervise and ensure the subcontractors' compliance of Eritrea's labor law and other policies.
- Make Chinese HR policies and regulations understanding.
- Support General Manager if so requests.
  Other instruction given by his supervisor.

**Qualification and Other Skills**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | ❖ Bachelor's degree or above<br>❖ Major in corporate culture, business administration, HR, public relations, literature, education or a related field |
| Working Experience – Nature & Length | ❖ Minimum two years' experience in administration, HR, public relations or related field<br>❖ Have work experience in foreign countries Have experience in working with foreign employees |
| Leadership Experience – Nature & length of time | ❖ Team player<br>❖ Strong sense of responsibility |
| Other skills and abilities | ❖ Excellent in Chinese language<br>❖ Good at generating Chinese report<br>❖ Good communication and interpersonal skill<br>❖ Be easy-going<br>❖ Have patience and attention to details<br>❖ Be optimistic<br>❖ Good public speaking skill of English<br>❖ Cultural awareness |

**General Information and Other Requirement**

- Place of Work: Asmara Project Sites (Emba Derho)
- Salary: As per Company salary scale

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

**Address: Please mail your application to;**
Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

**Required to send a copy of their application to the following address**
Mineral Resources Management, Department of Mines
P.O. Box. 272
Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:**
Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Red Sea Bottlers Sh. Co. Invites qualified applicants for the following posts:

Position …………….. . . …….. Junior Accountant

Education Diploma in accounting from a university or college.

Experience 4 years work in accounting

Skills and knowledge Basic accounting skills, ability to prepare any accounting transactions, good knowledge of computer applications.

Salary as per company scale

Required quantity One

Interested applicants are required to come and fill an application form and submit their CV and supporting documents to Red Sea Bottlers Sh. Co., Human Resources and Administration office, Tel 162540, within 10 days from the date of this announcement.

Applicants must provide certificate of completion or exemption from national service.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሸረዓ

ከድጃ ሳልሕ መሓመድ፡ ኣቦይ ሳልሕ መሓመድ ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንበ30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ጅጅ ግደይ ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ ኣማኑኤል በየነ ዛህላይ ስለዝዋረሩ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ክብራ ወልደየሱስ ንገሰ፡ ብዓል ቤተይ ሰመረ ተኸሊት ስለዝዋረሩ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ካሕሳይ ዓንደማርያም፡ 1.1 ሳሙኤል ካሕሳይ 1.2 ቴድሮስ ካሕሳይ 1.3 ኣበበ ካሕሳይ 1.4 ዘውዲ ካሕሳይ 1.5 ታረቐ ካሕሳይ 1.6 ሙሴ ካሕሳይ 2.ወይ/ጺጋ ጠዓመ ተስፋይ፣ ከሰስቲ ሳባ ገብረሂወት ተስፋጽዮን፡ ተኸሰስቲ ንሓዳርኩም ዘሕለፍክሉም ክፍሊታት ክኸፍሉኒ ክወሰኑለይ ዝብል ክሲ ስለዝቐረበት ን2/1/25 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀረብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃን ፍለጡ፡፡

ከሳሲ ሃብቶም መብራህቱ ሃይሉ፡ ተኸሰስቲ 1.ወ/ሮ ኣስመረት ገብረእግዚኣብሄር ትኩእ 2.የሴፍ ብርሃ 3.እልልታ ብርሃ 4.ናሆም ብርሃ 5.ሃና ብርሃ፣ ናይ መኪና ስም ዋንነት ክሲ ተመስሪትልኩም ስለዘሎ፡ ን21/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀረብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ወ/ሮ ቅድስቲ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ኣብራሃም ተኸለሃይማኖት ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኬብሮን በትሮማክስ ገብረኣብ ምባል ተረፉ፡ ኬብሮን በትሮማስ ገብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.29 ይቕረብ፡፡

ራኤ በትሮማክስ ገብረኣብ ምባል ተረፉ፡ ራኤ በትሮማስ ገብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ርእሶም ብርሃ ተስፋማርያም፡ ተኸሰስቲ ለዊ ያቆብን ኣቶ ተስፋኣለም ካሕሳይን ንዓኹም ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀረብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ዳንኤል በረኸትኣብ ጸጊ፡ ኣቦይ ፍ/ሃለቃ በረኸትኣብ ጸገ ልኡላይ ስለዝዋረሩ፡ ብሂወት ከሎ ብዕለት 2/5/25 ንዓይ ዝሰጸመለይ ግሉጽ ኑዛዜ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በረኽ ምምሕዳር ቁሸት ኣብ 500 ት/ሜትሪ ዝተደኮነ ፕሎት 58 ፓርሰል E4 ቀንዲ ክፍልታት 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ተሰሪሕዎ ዝርከብ፡ መዳውብቱ፡ ብሰሜን ምስ ፓርሰል D ኣቶ ፍጹም ገብረመስቀል ብደቡብ ምስ ፓርሰል F ምስ ኣቶ ኪዳነ ብርሃ ብምብራቕ ምስ ፓርሰል L ወ/ሮ ደርጋኣለም ተክኤ ብምዕራብ ምስ ጎደና ዝኾነ ንሰም ወድና ሰወእ መርሃዊ በረኸትኣብ ጸገ ተመዝጊቡ ዝፍለጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንዥ እቲ ብጽሒተይ ንተቐባሊ ኑዛዜ ወደይ ቀሺ ዳንኤል በረኸትኣብ ጸገ ክኸውን ዝበሉዋ ኑዛዜ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣኽበረት ምስየና ገብሊ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃ ገብረማርያም ሰምኦን ስለዝዋረሩ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ሓሰን ሰይድ ሃሽም፡ ተኸሳሲ ትካል ቻይና ኣፍሪቃ ሃዋኪን ኢንቨስትመንት ካምፓኒ፡ ናይ መኪና ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀረብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ፍርቱና ገመቹ ገብሩ፡ ኣዴና ሃይማኖት የውሃንስ ገብረሚካኤል ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተስፋሚካኤል ተስፋጋብር፡ ብዓል ቤተይ በየነ ጋይም ሰለሙን ስለዝዋረሩ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ኣቶ ኣኽለሉ ሓጎስ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰላስ ኪዳኑ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ መኪና ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀረብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ፡፡

ሰላስ ተኽለማርያም ገብረኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ዞሚካኤል ተስፋጊርግሽ ስለዝዋረሩ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ርግኣት ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ራሕማ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ኣስገዶም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሓጎስ ዘርኣይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ፍረወይኒ መብራህቱ ኣብዩ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ተወልደ ስለዝዋረሩ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

እስጢፋኖስ ገብረመስቀል፡ ወደይ የናታን እስጢፋኖስ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ወላዲቱ ወ/ሮ ጸገ ወረደ ወልደሰላሴ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ገብረዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ገብረትንሳኤ ዑቕቡ ስለዝዋረሩ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ እያብል ሚካኤል ገብሩ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰላም ብርሃ ዑቕባይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲ ፍትዊ ግርማጼን ተስፋጋብር፡ ተኸሳሲ ኣቶ የሴፍ ሃብቱ፡ ፊያት ፓንዳ ናይ ገዛ መኪና ቁጽሪ ER-1-05814 ቁ.ቻሲ ZFA 141400-0619340 ናይ ምትሕልላፍ ስም መኪና ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ዞርያስ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለማርያም የሴፍ ሃይለ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ መኣዛ በላይ ጠዓመ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የሴፍ መንግስትኣብ ንገሰ፡ ናይ ህጻን ናእሚ የሴፍ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሰናይት ኣማኑኤል ገብረህይወት፡ ብዓል ቤተይ ሚካኤል ገብረኣብ ክፍለ ስለዝዋረሩ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣዳሽ ገብረማርያም በራኺ፡ ወለደይ ገብረማርያም በራኺን ንግስቲ ጺጋይን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሐርያ ኣሕመድሰዒድ ምባል ተረፉ፡ ሐርያ ኣሕመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣማኒኤል ፍስሃየ ተስፋሚካኤል፡ ስም ኣደይ ጉዑ ኣዛርያ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ቅድስቲ ምሕረትኣብ ተወልዱ፡ ብዓል ቤተይ መም. ጎይትኦም ገብረክርስቶስ ወልዱ ስለዝዋረሩ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዓንደም ገብረሂወት ክንፈ፡ ብዓልቲ ቤተይ ምብራቕ ሃብተማርያም ጊላይ ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቃ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣቶ ሃብቶም ተወልዱ፡ ኣደይ ለተድንግል ቀሺ ይፍጠር ተመልሶ ስለዝዋረረት፡ 7 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት እማኑ ኣድሓኖም ወልዱ፡ ተኸሳሲ ሕሰቡ እምባየ ገብሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ሰናይት ደስበለ ተሰማ፡ ተኸሳሲ ኣብርሃም በየነ ይመስገን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ዓብደልከሪም ዓብዱ ሓጅ ምባል ተረፉ፡ ዓብደልቃድር ዓብዱ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዮዲት ዳኒኤል እዮብ፡ ኣደይ ብርኽቲ ተስፋይ ወልደገርጊስ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሸዕብ

መርያም ሰዒድ መሓመድሰዒድ ምባል ተረፉ፡ መርያም ሰዒድ መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ወ/ሮ ደሃብ ሃብቱ፡ ኣዴና ማሪቱ መሓሪን ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣነ እዮብ ደብሳይ ዓንደሚካኤል ዝተበዝሓልኩ፡ ህያብ ወሃቢት ወላዲተይ ወ/ሮ ለተንጉስ ሃይለ ሓጎስ ኣብ ሳ/ቤ/ፍ ብኣካል ቀሪባ ዕለት 25/11/2024 ብቁ/መዝ/330/2024 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻ ፍሐ. ዓዲ "ቀ" ፕሎት 65 ቁ.ፓርሰል F ስፍሓት መሬቱ 246.00 ት/ሜተር ኮይኑ፡ 3 ቀንዲ ክፍልታትን 2 ሓገዝቲ ክፍልታትን 3 ክፍሊ 1ኽሽነ/ ሞኖን 1ዓይኒ ምድሪ) ተሰሪሕዎ ዝርከብ ካብ ሚ/ሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ/መዝገብ 1BRGNF016171/0 ዕለት 13/03/2020 ዝተመዝገበ ገዛእ ብህያብ ስለዝሃበትኒ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ተቓውሞ ሒዙ ናብ ክፍሊ ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ እሕብር፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ እዮብ ደብሳይ ዓንደሚካኤል

---

### ምልክታ ጨረታ

ትካል ኣስቤኮ፡ ኣብ ጽላሉ ዝመሓደሩ ተቐዳደምቲ ብኽሊታ ንዓመት 2024 ንዘዳለው ቀሊብ ስጋ ንሓደ ዓመት ሰሙናዊ ከቕርቡ ንዘኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም


1. ናይ 2020 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን መንነትን ፎቶ ኮፒ፡፡
2. ናይ 2023 ግብሪ ዝተኸፍለሉ ወረቐት ፎቶ ኮፒ፡፡
3. ነፍሲ ወከፍ ተጫራታይ መኽበሪ ጨረታ 10,000 ናቕፋ ብCPO የትሕዝ፡፡
4. ተጫረትቲ ዘቕብዎ ዋጋታት ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቐርብ፡፡
5. ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽብሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣስቤኮ ኩርባ እምባይቶ ይኽፈት፡፡
6. ናይ መወዳደሪ ቅጥዒ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣስቤኮ መጺኦም ይወስዱ፡፡
7. ተወዳዳራይ ብዘለዎ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ጥራይ ዝወዳደር ይኸውን፡፡
8. ተዓዋታይ ንዝተዓወተሉ ቀረብ ዘዳልወሉ ተመሳሲ ዝኸውን ጽሬቱ ብዝሓለወ መትሓዚ ይኸውን፡፡
9. ኩሉ ዓይነት ቀረባት ቀዳማይ ደረጃ እንተዘይኮይኑ ተቐባልነት የብሉን፡፡
10. ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ትካል ኣስቤኮ


# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሙድሪክ፡ ካብ ጸወታ ተኣጊዱ





ተጻዋታይ ቸልሲ ሚካይሎ ሙድሪክ፡ ንግዚኡ ካብ ኩዕሶ እግሪ ተኣጊዱ - ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ኣብ ኑብሱ ሓይሊ ዝሀብ መድሃኒት ድሕሪ ምርካቡ።

ሙድሪክ፡ 28 ሕዳር ኣብ ኤውሮፓያን ሊግ ድሕሩ ምጽዋቱ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ጸወታታት ክለቡ ጦኺሩ እዩ። ዓለሚኡ ኢዝዮ ማረስካ፡ እዚ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓዩ፡ ብሰንኪ ሕማም ካብዚ ግጥማት ከምዝጠፍረ ደሚ ሓቢሩ ነይሩ።

እንተኾነ፡ ሙድሪክ ብሰንኪ ጥርጠራ ካብቲ ጸወታታት ከምዝጠፍኣ ድሒሩ ተገሊጹ። ቅድሚ ውሳነ ምዃኑ ከኣ ብመሰረት ሕግታት እቲ ማሕበር፡ ንግዚኡ ካብ ጸወታ ተኣጊዱ ኣሎ።

ቸልሲ፡ ትማሊ ኣብ ዘውጸኦቶ መግለጺ፡ ናይቲ ማሕበር ናይ መርመራ መደብ ከምዝድግፍዎ ብምሕባር፡ ኩሎም ተጻወትታ እንተላይ ሙድሪክ ብቐጻሊ ከምዝምርመሩ ገለጹ፡ እዛ ኣብ ፕሪመር ሊግ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ክለብ፡ ሙድሪክ ብፍላጥ ዝኾነ ወግዚ ጥሪ ነገር ብፍጹም ከምዘይወሰደ ከምዘረጋገጸትሉ'ውን ሓቢራ። ምስ ዝምልከቶ ኣካል ጠንቂ እዚ ኣሉታዊ ርኸበት እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ክሰርሑ ምዃኖም ደማ ኣፍሊጣ።

እዚ ዩክረይናዊ ተጻዋታይ'ውን ብወገኑ፡ ዝኾነ ዘይሕጋዊ ነገር ብፍላጥ ከምዘይወሰደን ዝኾነ ሕጊ ከምዘይሰበረን ብምግላጽ፡ በዚ ጉዳይ ኣዝዩ ከምዝሰንበደ ገሊጹ።

ብመሰረት ሕግታት ሳዕለዋይ ተጻዋቲ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ፊፋ፡ ዝኾነ ተጻዋታይ ብፍላጥ ወግዚ ነገር እንተወሲዱ፡ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመታት እዩ ዝቕጻዕ።

ኣብ ክረምቲ 2023 ካብ ሻኽታር ዶነስክ ብ89 ሚልዮን ፓውንድ ምስ ልዑል ትጽቢት ናብዛ ለንደናዊት ክለብ ዝተጸምበረ ሙድሪክ ዛጊት ዝተጉበረሉ ትጽቢት ክምልስ ኣይከኣለን። ኣብዚ ወቕቲ ከኣ ተቐይሩ ብምእታው ኣብ ሓንቲ ናይ ሊግ ጸወታ ጥራይ እዩ ተጻዊቱ ዘሎ። ክሳብ ሕጂ ከኣ ኣብ 73 ዝተፈላለዩ ግጥማት ክጻወት እንከሎ፡ 10 ሸቶታት ኣቑጺሩ።

## ፐረራ፡ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ዎልቭስ ኮይኑ

ምውራድ ዞባ መበል 19 ተሰሪዓ ኣላ። ፐረራ ከኣ ካብዚ ዞባ ንምውጻእን ኣብ ፕሪመር ሊግ






ቪክቶር ፐረራ፡ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ዎልቭስ ኮይኑ፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ተመዚዙ።

ካብ 16 ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታታት ክልተ ግዜ ጥራይ ዝተዓወተት ዎልቭስ፡ ቀዳም ብኢፕስዊች 2ብ1 ድሕሪ ምስዓራ እያ፡ ንዓለሚኣ ጋሪ ኦኔል ኣብሪራቶ። ናይ ቅድም ዓለሚ ኤቨርተን፡ ማን ዩናይትድን ዌስትሃምን ዳቪድ ሞየስ እዩ ከኣ ቦታኡ ክሽፍን ከምዝኽእል ክግለጽ ቀንዩ።

ይኹን እምበር፡ ፖርቱጋላዊ ፐረራ፡ ብናይ 18 ኣዋርሕ ውዕል መዚኑ ተቐቢሉ ኣሎ። እዚ ወዲ 56 ዓመት ኣሰልጣኒ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ኣብ ወርሒ ለካቲት ንስዑዳዊት ክለብ ኣል-ሻባብ ከሰልጥ ጀሚሩ። ውዕሉ ኣፍሪሱ ናብ እንግሊዝ ንኽቕጸሮ ድማ፡ ዎልቭስ ኣሰታት ሓደ ሚልዮን ዩሮ ኒታ ስዑዳዊት ክለብ ከፊላታ ኣላ።

ኣቐዲሙ ንፖርቶን ግሪኻዊት ጋንታ ኦሎምፒያኮስን ዓሊሙ ዝነበረ ፐረራ፡ ቀዳመይቲ ጸወታኡ ኣብ ፕሪመር ሊግ፡ ዝመጽእ ሰንበት ናብታ ኣብ መበል 17 ደረጃ ዘላ ሌስተር ሲቲ ተጓዒዙ ክካየድ እዩ። ክልተ ግጥማት ጥራይ ተዓዊታ ኣብ 11 እተሰዓረትን ኣብ ሰለስተ ማዕረ ዝወጸትን ዎልቭስ፡ ብ9 ነጥቢ ኣብ ናይ ንምጽናንሕን ዓቢ ዕዮ ይጽበዮ ኣሎ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣከፋፋሊ ዎልቭስ ማቲያስ ኩንሃ፡ ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ተኸሲሱ ኣሎ - በዚ ድሕሪ ናይ ቀዳም ጸወታ ምስ ኣባላት ጸጥታ ኢፕስዊች ምብኣሱን ንሓደ ኣባል ብኢዱ ገይሩ ገጹ ብምድፍኡን። ክሳብ ጽባሕ ሓሙስ መልሲ ክሀብ ተሓቲቱ ዘሎ እዚ ብራዚላዊ፡ ሰሪዚ 'ዘይግቡእ ባህሪ' ዝተባህለ ስጉምቲ ንዊሕ ግዜ ክቕጽዖን ሰንበት ኣንጻር ሌስተር ካብ ጸወታ ክበኩርን ከምዝኽእል ይግለጽ ኣሎ።

## ሱፐር ሊግ ኤውሮጳ፡ ዳግማይ ተለዓዒሉ




ሓዲሽ ሊግ ንምምስራት ኣንቂዱ ተበጊሱ ዝነበረ ሱፐር ሊግ ኤውሮጳ፡ ዳግማይ ሓዲሽ ቅዲ ውድድር ሒዙ ምምጻኡ ተሓቢሩ።

ሱፐር ሊግ፡ ፈለማ ኣብ ሚያዝያ 2021 ሽዱሽተ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ዝርከብኦን 12 ክለባት ሒዙ፡ ሓዲሽ ውድድር ንምምስራት ምብጋሱ ይዝከር። ካብ ደገፍቲ ማሕበራት ኩዕሶ እግሪ፡ ብሓፈሻ ከኣ ካብ ሰድራ ቤት እቲ ዓውዲ ድሕሪ ዘጋጠሞ ኩሕሎ፡ ብቕልጡፍ ከምዝፈሸለ ኣይርሳዕን። ካብዞን መስረትቲ ክለባት፡ ብዙይካ ሪያል ማድሪድን ባርሴሎናን ኩሎም ኩሉን ክለባት ኣደን ካብቲ ሓሳብ ምስሓብን ይፍለጥ።

ኣብዚ እዋን ግና፡ መዋሊ ወይ ኣወዳዳሪ እቲ ውድድር ዝኾነ ትካል ኤይ 22 (A22)፡ ሕሳቦት እዚ ውድድር 'ሊግ ሓድነት ወይ ሕብረት' ክብል ዳግማይ ሰምዩዎ ኣሎ። ናይ ስራሕ ፍቓድ ክወሃቦ ድማ፡ ተዳልዩ ደርኩቡ፡ ደሮ ምስ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ (ዩኤፋ) ከምኡ'ውን ንላዕለዋይ ተጻዋዒ ኩዕሶ እግሪ ዓለም (ፊፋ) ከምዝተራኸበዎውን ተሓቢሩ።

እዚ ትካል፡ ትማሊ ኣብ ዘዉጸኦ መግለጺ፡ መጸረዩ ውድድር እዚ ሊግ ከምዝመሓይሾ ብምሕባር፡ ተሳተፍቲ ክለባት፡ ብመሰረት ኣብ ናይ ወሽጢ ሃገረን ሊግ ዝሓዛኦ ብቕዓት ከምዝኣትዋ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ዩኤፋ፡ ኣብ 2021 ዓብላሊ ስልጣኑ ብዘይግቡእ ብምጥቃም፡ ነዚ ውድድር ካብ ምምስራት ከምዝኸልከሎ ይሕበር። ይኹንምበር፡ መስረትቲ ናይ'ዚ ሊግ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ታሕሳስ ነዚ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ኤውሮጳ እዮም ኣቕሪቦሞ። እቲ ቤት ፍርዲ ከኣ፡ ዩኤፋ ንሱፐር ሊግ ካብ ምምስራት ንምዕጋት ዝተጠቐመሉ ኣገባብ፡ ኣንጻር መትከላቱ (ሕግታቱ) ምዃኑ ብምግላጽ፡ ክኽልክሎ መሰል ከምዘይብሉ ወሲኑ ነይሩ። እዚ ኸኣ ነቲ ዝተበገሰ ሓሳብ ዳግማይ ክበራበር ኣኽኢልዎ እዩ።

## መቕጻዕቲ በንታንኩር ክቕጽል እዩ




ተጻዋታይ ቶተንሃም ሮድሪጎ በንታንኩር፡ ዘቕረቦ ናይ ይግባይ ሕቶ ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ ብምንጻጉ፡ ተፈረዱሉ ዘሎ ክልተ ግጥማት ክቕጽዐን ምዃኑ ተሓቢሩ።

በንታንኩር፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ኣብ ልዕሊ ወዲ ጋንታኡ ሶን ሁንግሚን ዓሌታዊ ኣድልዎ ገይርካ ተባሂሉ፡ ሸውዓተ ኣብ እንግሊዝ ጥራይ ዝካየዱ ግጥማትን 100 ሽሕ ፓውንድን ምቕጻዑ ይዝከር። ጋንታኡ ወላ'ኳ ነዚ ውሳነ እንተተቐበሎቶ፡ እቲ ካብ ጸወታ ምእጋድ ከምዝተወሓ ብምግላጽ ግና፡ ይግባይ ኢላ ነይራ።

የጉዳዩ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ (ኤፍኤ)፡ ንሕቶ እዛ ጋንታ ብምንጻጉ፡ ካብ ሓሙሽተ ጸወታታት ዝጠፍአ በንታንኩር፡ ተፈረዱሉ ዘሎ ክልተ'ውን ክቕጽዖን እዩ። በዚ ከኣ፡ ጽባሕ ሓሙስ ንማን ዩናይትድ ኣብ ዘዕድመሉ ናይ ካራባኦ ካፕ፡ ሰንበት ድማ ካብ'ቲ ምስ ሊቨርፑል ዝካየድ ወሳኒ ናይ ሊግ ጸወታ ክበኩር እዩ።

እዚ ኣርጀንቲናዊ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ምስ ሬንጀርስ 1ብ1 ኣብ ዝተፈላለዩሉ ናይ ሊግ ኤውሮጳ ግጥም ተሰሊፉ እዩ፡ ምኽንያቱ፡ እቲ መቕጻዕቱ ኣብ እንግሊዝ ኣብ ዝካየዱ ጸወታታት ጥራይ ዝሰርሕ ብምዃኑ።

## ምባፐ፡ ሎሚ ክጻወት ከምዝኽእል ተገሊጹ



ቅልጡፍ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ኪልያን ምባፐ፡ ሎሚ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኢንተርኮንቲነንታል ካፕ ክሰለፍ ከምዝኽእል ተገሊጹ።

ምባፐ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ንኣታላንታ 3ብ2 ዝሰዓሩሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ፡ ናይ ጭዋዳ ጸገም ኣጋጢምዎ ተቐይሩ ምውጽኡ ይዝከር። ብሰንኪ እዚ ጸገም ከኣ፡ ቀዳም ናብ ራዮ ቫየካኖ ተጓዒዞም 3ብ3 ኣብ ዝተፈላለዩሉ ጸወታ ክሰለፍ ኣይከኣለን። ሎሚ ኣብ ቀጠር ከተማ ዶሓ ኣብ ዝካየድዎ ናይ ዋንጫ ጸወታ ግና፡ ክሰለፍ ከምዝኽእል ይሕበር።

ማድሪድ፡ ኣብዚ ከም መተካእታ ናይ'ቲ ፊፋ ዝካየዶ ዝነበረ ዋንጫ ክለባት ዓለም ዝኾነ ኢንተርኮንቲነንታል ካፕ፡ ብቐጥታ ናብ ፍጻመ እያ ሓሊፋ። መጋጥምታ መክሲኮዊት ክለብ ፓቹቻ ግና፡ ኣቐዲማ ክልተ ግጥማት - ንዕውትቲ ኮፓ ሊበርታዶረስ ቦታፎጎን ኒታ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ዝኾነት ግብጻዊት ክለብ ኣል ኣህሊን ብምሽናፍ እያ፡ ሎሚ ንዕርምሽሽ እስጳኛዊት ክለብ ክትፋለሞ።

ዋንጫ ክለባት ዓለም፡ ክሳብ ዝሓለፈ ዓመት ንዕወታት ናብ ኣህጉረን ዝኾና ክለባት ጥራይ ሒዙ፡ ኣብ ማእከል ነፍሲ ወከፍ ዓመት'ስፖርት ይካየድ ምንባሩ ይዝከር። ካብ ዝመጽእ ዓመት 2025 ጀሚሩ ግና፡ እዚ ወቕቲ ምስ ተዛዘመ ብዙሓት ክለባት ወሲኹ (32 ክለባት ገይሩዎን ኣሎ)፡ ካብ 14 ሰነ ክሳብ 13 ሰነ ኣብ ኣመሪካ ክሰላሰል እዩ።

## ሮናልዶ፡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ . . .



ናይ ቀደም ብሉጽ ኣጥቃዓይ ሮናልዶ ናዛርዮ፡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ሃገሩ ብራዚል ክወዳደር ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ኣብዚ እዋን ፕረዚደንት ናይ'ዚ ፈደረሽን ዘሎ ኢድናልዶ ሮድሪገዝ ክሳብ መጋቢት 2026 ክመርሕ እዩ። ቅድሚ 12 ኣዋርሕ እዋን ስልጣኑ ከኣ እቲ ምርጫ ክሰላሰል እዩ።

ኣብዚ ምርጫ ንምስታፍ ኣብ ሪያል ቫላዶሊድ ዘለዎ ናይ ዋንነት ብርኪ ክሸጦ ምዃኑ ዝሓበረ ሮናልዶ ከኣ፡ ወደቑ ንዝሎ ክብሪ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ናብ ንብር ክምልሶ ከምዝደሊ'ውን ኣፍሊጡ። ብራዚል ኒታ ሓሙሽተ ግዜ ብምልዓል ልዕሊ ዝኾነት ሃገር እትጽወኣ ዋንጫ ዓለም ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 2002 እያ ኣልዒላታ።

ካብቲ እዋን ጀሚራ ከኣ፡ ንዝሓለፉ ልዕሊ ክልተ ዕቑድ፡ ክሳብ ርብዒ ፍጻመ ክትሓልፍ ኣይከኣለትን። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ክትዕወተሉ ልዑል ትጽቢት ተገይሩላ ዝነበረ ኣብ መሬታ ዝተኻየደ ናይ 2014 ውድድር፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ብጀርመን 7ብ1 ዝተሳዕረት ብራዚል፡ ኣብ ናይ ደረጃ ጸወታ ከኣ ብሆላንድ 3ብ0 ተሳዒራ ብዘይዝኾነ መዳልያ እያ ዛዚማ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ካራባኦ ካፕ**

ኣርሰናል - ክ/ፓላስ 10:30 ድ.ቀ

ኒውካስል - ብረንትፎርድ 10:45 ድ.ቀ

ሳውዝሃምፕተን - ሊቨርፑል 11:00 ድ.ቀ

**ኢንተርኮንቲነንታል ካፕ**

ሪያል ማድሪድ - ፓቹቻ 8:00 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

**ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'**

ኣልታሕሪር - ገጀረት 1:30 ድ.ቀ

ጸጸራት - ዕ/ሓሙስ 3:30 ድ.ቀ

**ካራባኦ ካፕ**

ቶተንሃም - ማን ዩናይትድ 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ምርያም ኣብርሃም

## ሩስያ - ልዕሊ 400 ሽሕ መንእሰያት ናብ ሰራዊት ተጸንቢሮም



ኣብ ፌደረሽን ሩሲያ፡ ኣብ 2024 ልዕሊ 400 ሽሕ መንእሰያት ብድሌቶም ናብ ሰራዊት ከምእተጸንበሩ፡ ሚኒስተር ምክልኻል'ታ ሃገር ኣንድሪ በሉሶቭ ኣፍሊጡ።

ኣብታ ሃገር፡ መዓልታዊ ኣስታት 1200 ሰባት ብድሌቶም ኣብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ንምስታፍ ይፍርሙ ከምዘለዉ ድማ እቲ ሚኒስተር ወሲኹ ሓቢሩ።

መንግስቲ ሩሲያ፡ ኑቶም ናብ መደበራት ታዕሊም ዝውሕዙ ዘለዉ መንእሰያት ንምስልጣን ሓደሽ ወተሃደራዊ ቴክኒክ ከተኣታቱ መደብ ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ኑቶም ዝምልመሉ መንእሰያት ስሕበት ምፍጣር ቀንዲ ዕዮ ሚኒስትሪ ምክልኻል ምዃኑ ኣረዲኡ።

ብመሰረት ስታስቲካውያን ጸብጻባት ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩሲያ፡ ኣብ መጀመርያ ናይዚ ወርሒ'ዚ ኣስታት 300 ሽሕ መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለዩ ከበባታት'ታ ሃገር ወተሃደራዊ ስልጠና ክወስዱ ጀሚሮም ኣለው።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም፡ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ቁጽሪ ኣባላት ሰራዊት ሃገሩ ናብ 2.5 ሚልዮን ክብ ንምባል ኣዋጅ ከምዘውጽአ ዝዝከር እዩ።

ሩሲያ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ምዕራብ ንዘመጽኣ ዘሎ ተጻብኦታት ንምብዳህ ፑቲን ኑቲ ስጉምቲ ከምዝወሰደ ዝሓበረ ሓላፊ ፕረስ'ታ ሃገር ድሚትሪ ፔስኮቭ፡ እቲ ውሳነ ካብ ዝሓለፈ 1 ታሕሳስ ኣትሒዙ ግብራዊ ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ዝሓለፈ 2023፡ ቁጽሪ ኣባላት ሰራዊት ሩሲያ 2.2 ሚልዮን እዩ ነይሩ።

## ሑቲ፡ ናብ እስራኤል ሚሳይል ተኩሱ

የመናዊ ምንቅስቓስ ሑቲ፡ ልዕሊ ድምጺ ዝውንጨፍ ሚሳይል ናብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ - እስራኤል ከምዝተኮሰ ይሕብር ኣሎ።

በቲ ዝተወንጨፈ ሚሳይል፡ 5 ሰባት ቀሊል መቑሰልቲ ከምዝጎጠሞም ዝጠቐሰ መንግስቲ እስራኤል፡ እቲ መጥቃዕቲ ከቢድ ዕንወት ከየውረደ እንከሎ ክበርዕን ከምዝኸኣለ ኣፍሊጡ።

ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ንነጀው ጥራሕ፡ ኣብ እስራኤል 5 መጥቃዕትታት ሰብ ኣልቦ ነፈርቲን 6 መጥቃዕትታት ባለስቲካዊ ሚሳይልን ዘካየደ ሑቲ፡ ኑቲ ትማሊ ዝተኮሶ ሚሳይል ዒላምኡ ብምውቃዕ ከምዝወቐዐ ሓቢሩ።





እቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ሕነ ናይቲ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ወፍሪ ንምፍዳይ፡ ኣብ ቀይሕ-ባሕሪ ኣብ ልዕሊ ዝንቀሳቐሳ ብዙሓት ናይ ንግዲ መራኽብ ምዕራብ መጥቃዕትታት ከካይድ ምጽንሑ ይፍለጥ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ምንቅስቓስ ሑቲ ንዝተኮሶ ሚሳይል፡ ሃገሩ ተመጣጣኒ ግብረ-መልሲ ክትህበሉ ምዃና ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ውግእ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ ሑቲ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ንዝኣትዋን ንዝወጻን መራኽብ እስራኤል፡ ከምኡ'ውን ምስ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካን ብሪጣንያን ርክብ ኣለወን ንዝበለን ካልኦት ንግዳውያን መራኽብ ከጥቅዕ ምጽንሑ ይግለጽ።

## "ንፕረዚደንት ዩክሬን ኣይከዕድሞን'የ" ትራምፕ

ምሩጽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዝመጽእ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝካየድ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት ምርኽኻብ ስልጣን ኣመሪካ፡ ንፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ከምዘይዕድሞ ብወግዒ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ብ5 ሕዳር ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ዝተዓወተ ትራምፕ፡ ዝሓለፈ ሰሉይ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ፊልማ ወግዓዊ ጋዜጣዊ መግለጺ'ዩ ዚ ሓቢሬታ ሂቡ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ንዘለንስኪ ዝኾነ ዕድመ ከምዘቕርበሉ ዝጠቐሰ እቲ ምሩጽ ፕረዚደንት፡ እቲ ዩክሬናዊ መራሒ ኣብቲ ዝካየድ ናይ ስልጣን ምርኽኻብ ስነ-ስርዓት ክሳተፍ እንተ ደልዩ ግን፡ ክቕበሎ ጸገም ከምዘይብሉ ኣረዲኡ።

ትራምፕ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ምስ ፕረዚደንት ዘለንስኪ ኣብ ፈረንሳ ብምርኻብ፡ ኣብ ጉዳይ ኩናት ዩክሬን ከምእተዘራረበ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኀጺ ሩሲያን ዩክሬንን ብቕልጡፍ ደው ክበል ኣብቲ ርክብ ጻውዒት ከምዘቕረበ ኣመልኪቶም።

ትራምፕ ቀድሚ ገለ መዓልታት እውን ንፕረዚደንት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ሺ ጂን ፒንግ፡ ኣብ ስነ-ስርዓት ምርኽኻብ ስልጣን ሃገሩ ክሳተፍ ወግዓዊ ዕድመ ከምዘቕረበሉ ዝዝከር እዩ።

ዶናልድ ትራምፕ፡ ዝመጽእ 20 ጥሪ መበል 47 ፕረዚደንት ኣመሪካ ኮይኑ ቃለ-ማሕላ ክፍጽም ምዃኑ እዩ ዝሕበር።

## እስራኤል፡ ኣብ ኣየርላንድ ንዝርከብ ኤምባሲኣ ትዓጹ

እስራኤል፡ ኣብ ኣየርላንድ ንዝርከብ ኤምባሲኣ ክትዓጽዎ ከምዝወሰነት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ናይ'ታ ሃገር ጊደዎን ሳር ኣፍሊጡ።

መንግስቲ ኣየርላንድ፡ ንፖሊሲ እስራኤል ዝጻረር ተግባራት ይኽተል ከምዘሎ ዝጠቐሰ እቲ ሚኒስተር፡ እስራኤል ብሸነኺ'ቲ 'ዝዩሕጋዊ' ክብል ዝጠቐሶ ኣካይዳ ኑቲ ስጉምቲ ከምዝወሰደት ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኣየርላንድ ምስ እስራኤል ዘለዋ ርክብ ቀይሕ መስመር ከምዝሰገረ ዘጠንቀቐ ጊደዎን ሳር፡ እስራኤል ምስ'ተን ንፖሊሲኣ ኣኽቢረን ብሓንሳብ ዝኸዓዛ ሃገራት ጥራይ ሽርክነታዊ ርክብ ከምእትምስርት ኣፍሊጡ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣየርላንድ ሳይሞን ሃሪስ ብወገኑ፡ ብስጉምቲ መንግስቲ እስራኤል ኣዝዩ ከምእተቐጥዐ ብምሕባር፡ እቲ ጉዳይ ብዙሕ ክፉታሕ ዝኽእል ምንባሩ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣየርላንድ ኣንጻር ፖሊሲታት እስራኤል ተዓጢዛ ከምዘይትፈልጥ ብምሕባር፡ ሃገሩ ደጋፊት ሰላም፡ ሰብኣዊ መሰላት፡ ከምኡ'ውን ደጋፊት ኣህጉራዊ ሕጊ ምዃና ኣረዲኡ።

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ዘላ ኣልማሚ ደብዳብ ደው ከተብሎ ብተደጋጋሚ ክጽውዕ ዝጸንሐ መንግስቲ ኣየርላንድ፡ እስራኤል ኣብታ ወሽመጥ ብዝወሰደቶ ወተሃደራዊ ስጉምቲ፡ ምልእ ህዝቢ ፍልስጤም ብሓባር ከምእተቐጽዐ ሓቢሩ ነይሩ።

መንግስቲ ኣየርላንድ፡ ኑቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝቐረበ 'እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ምጽጺይ ዓሌት ኣካይዳ' ዝብል ክሲ ምድጋፉ፡ ንእስራኤል ኣዝዩ ከምዝቖጥዓ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ብዘላ ኣልማሚ ደብዳብ፡ ካብ ኣስታት 45 ሽሕ ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም ከምዘለዉ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ጆርጂያ - ብካርቦን-ሞኖክሳያድ ዝተመረዙ 12 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ጆርጂያ ኣብ ዝርከብ መዛናግዒ ማእከል 'ጋዱሪ፡ ብውሕዱ 12 ሰባት ብካርቦን-ሞኖክሳይድ ዝተባህለ መርዛም ጋዝ ተመሪዞም ከምዝሞቱ፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ሓቢረን።

እቶም 11 ህንዳውያን ወጻእተኛታትን ሓደ ጆርጂያዊን ዝኾኑ ግዳያት፡ ኣብቲ ካዊሕ ብራኽ ዘለዎ መዛናግዒ ማእከል ሞይቶም ከምዝጸንሑ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብቲ ትካል፡ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ ድሕሪ ምጥፍኡ ዝተወልዐት ጀነረተር፡ ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ክትከውን ከምእትኽእል ዝጠቐሱ ሰብ መዚ ጆርጂያ፡ ካብታ ጀነረተር ዝወጽአ ብዝበረ 'ካርቦን-ሞኖክሳይድ' ዝተሰምየ ጋዝ ተበኪሎም ሞይቶም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ሓቢሮም።

እቶም ግዳያት ኣብቲ ደቂሶምሉ ዝነበሩ ቦታ ሞይቶም ከምእተረኽቡን ኣብ ኣካላቶም'ውን ዝኾነ ኣካላዊ ኀጽ ከምዘይተረኽበን ድማ ወሲኾም ኣመልኪቶም።

እንተኾነ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ብንጹር ንምፍላጥ መንግስቲ ጆርጂያ ጽዑቕ መርመራታት ከምዝካየድ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ጋዱሪ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ጆርጂያ ዝርከቡ ብበረድ ዝተሸፈኑ ማእከላት መዛናግዒ ኮይኑ፡ እቲ ኣብቲ ናይ በረድ ቦታ ዝካየድ ምንሽርታትን ካልእ ሰሓቢ ንጥፈታትን ዓመታዊ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝመጽኡ ኣሽሓት በጻሕቲ ከምዝኣንግድ እዩ ዝሕበር።

ካርቦን-ሞኖክሳይድ፡ ሓደ ካብ'ቶም ሽታ-ኣልቦን ሕብሪ-ኣልቦን ጋዛት ኮይኑ፡ ብርቱዕ ሕማም ርእሲ፡ ጸርወርወ ምባል፡ ከምኡ ድማ ድኻም ዘስዕብ ሓደገኛ ጋዝ ምዃኑ ይንገረሉ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | 18/12/2024 | ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services